# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.219 | ሓሙስ 14 ግንቦት 2026 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
ጉይታ 4 ኪሎ


ገጽ 4
መዓልቲ ብቑሊ


ገጽ 7
ምልክታ

ገጽ 11

ሄኖክ፡ ካልኣይ ኣትዩ


## ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቑሊ፡ ብደረጃ ሃገርናን ዓለምን ተዘኪራ

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቑሊ፡ ኣብ ትሕቲ "ውሑስ ጥዕና ብቑሊ፡ ማሰረት ውሕስነት መግቢ" ዝብል ቴማ፡ ብ12 ግንቦት ብደረጃ ሃገርናን ዓለምን ንኻይ ግዜኣ ተዘኪራ።

ኣብ'ቲ ጽንብል፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቁጽጽርን ሚኒስትሪ ሕርሻ ኣቶ ተኽለኣብ ምስየኽ፡ ምሕላው ጥዕና ብቑሊ፡ ኣብ ውሕስነት መግቢን ቀጠባዊ ርግኣትን ወሳኒ ግደ ከምዘለዎ ብምጥቃስ፡ ብቢልዓትን ሕማማትን ክመጽእ ዝኽእል ሓደጋታት ብምኽላል፡ ኣቕዲምና ክንወስዶም ብዘለና ዝጸበናና ስጉምትታት - ከም ኩሉ፡ ምርምር፡ ምዕባይ ንቕሓት ሕብረተሰብ፡ ከምኡ'ውን ዘላቕነት ዘለዎ ሕርሻዊ ንጥፈታት ብዘለዓለ ክስራሓሉ ከምዝግባእ ኣዘኻኺሩ።

ሕርሻ ኤርትራ ብቑንዱ ኣብ ኣእካል፡ ኣሕምልትን ፍረታትን ስለዝምርኰሰ፡ ዝኾነ ሓደሽ ሕማም ወይ ባልዕ ምስ ዝኣቱ፡ ኣብ ቁጠባ ሃገርን መነባብሮ ህዝብን ሃስያ ክስዕብ ስለዝኽእል፡ ኣቐዲምካ ንምክልኻሉ፡ ንውሽባ ብቑሊ ዝምልከት ህላወን ምሕያልን ሕጋዊ



መሳርሒታት ጥዕና ብቑሊ፡ ከምኡ'ውን መምዘኒታትን ደረጃታትን ደጋናሓልዩ ዘይበዘሎ ሃገራዊ ዕማም ስለዝኾነ፡ መንግስቲ ኤርትራ ንውሽባ ብቑሊ ዝምልከት ኣዋጅ ቁጽሪ 156/2006 ኣውጺኡ ብግቡእ ከምዝሰርሓሉ ኣረዲኡ።

ወከል ውድብ መግቢን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስ ኣረኤላ ግለኒ ብወገና፡ ሕርሻ ዓንዲ-ማእከል መነባብሮ ህዝቢ፡ ቀጠባዊ ብቕዓትን ሃገራዊ ውሕስነት መግብን ኣብ ዝኾነት ኤርትራ፡ ምውሓስ ጥዕና ብቑሊ ስትራተጂያዊ ቀዳምነት ከም ዝኾነ ጠቒሳ።

ንሳ ኣስዒባ፡ ምርግጋጽ ስነ-ህይወታዊ ድሕንነት ብቑሊ፡ ብኸንቲ ፍርያት ዘራእቲ ከም ዘወግድ ብምጥቃስ ምርግጋጽ ድሕንነት ብቑሊ፡ ዋሕስ ስርዓት መስርሕ ፍርያት ስለዝኾነ ውሑስ ንግዲ ከምዘፈጥር፡ ከምኡ'ውን ናብ ስግረ-ዶባውያን ባልዓትን



ሕማማትን ንዘህሉ ተቓላዕነት ከምዝጉድል ሓቢራ።

ኣብ'ቲ ኢጋጥሚ፡ ንድሕነት ብቑሊ፣ ኣሰጋእነት ጉድለት ድሕነት ኣብ ምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ፣ ኣግራብን ድሕነት ብቑልን፣ ግኑናት ሕማማትን ባልዓትን ኣብ ሃገርናን ኣህጉርናን ዝብሉን ካልኦትን ወረቓቕቲ ብክኢላታት ቀሪቦምን ሰፊሕ ዘተ ተኻዪዱሎምን።

## ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ፡ ንተመሃሮ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ ኣስተምህሮ ሂቡ

ተመሃሮ ቤት-ትምህርቲ ሕርሻን ቴክኒክን ሓጋዝ፡ ኣብ ሕጊ ዘለዎም ኣፍልጦ ብምዕባይ ካብ ገበናትን በደላትን ክቑጠቡ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ዞባ ዓንሰባ ኮሎኔል ልብሱ ተስፋሚካኤል ብ8 ግንቦት ኣብ ዝሃቦም ኣስተምህሮ ጸዊዑ።

ብደረጃ ዞባ - ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝተፈጸመ ገበናትን በደላትን ምስናይ ሰባውን ንዋታውን ክሳራታቱ ብዝርዝር ዘቕረበ ኮሎኔል ልብሱ፡ ገበናትን በደላትን ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ንምውራድ፡ ኣብ ምብራኽ ንቕሓት ዝተኻረ ኣስተምህሮታት ጽቡቕ ውጽኢት ደርኪቦ ከምዝሎ ብምግላጽ፡ ተመሃሮ ጸጥታን ሰላምን ሕብረተሰቦም ንምሕላው መሪሕ ተራ ክጻወቱ ኣተሓሳሲቡ።

ሓላፊ ምክልኻል ገበን ሜጀር ክብሮም ካሕሳይ ብወገኑ፡ ዝበዝሑ ገበናት ኣብ ክሊ ዕድመ መንእሰያት ስለዝፍጸሙ፡ መንእሰያትን ተመሃሮን ካብ ገበን ርሒቖም፡ ኣብ ትምህርቶም ብምትኳር ብሩህ መጻኢኦም ክውሕሱ ተላቢዩ።

ተመሃሮ ብወገኖም፡ ዝተዋህቦም ኣስተምህሮ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ኣጉዳሲ ስለዝኾነ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላቢዮም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ሓጋዝ ኣቶ ነጋሲ ተኽለስተን ሓላፊ ምክልኻል ገበን ኣቶ ሃብተማርያም ነጋሽን፡ ካብ ወርሒ ለካቲት ክሳብ ወርሒ ግንቦት ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ሓሸሻይ፡ ሸበቓ፡ ባዱብ፡ ኣሸራ፡ ኣወንጀሊ፡ ዓድፋካይ፡ ዓዲ-ኣረይ፡ ዓዲ-ዑመርን ከተማ ሓጋዝን ፖሊሳዊ ኣስተምህሮታት ከምዝሃቡ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ኣብ ተመሳሳሊ ዛዕባ፡ ተመሃሮ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሶም ሕግታት ትራፊክ ክኽብሩ፡ ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብተ ጉብሩ፡ ብ11 ግንቦት ኣብ ከተማ ኣስመራ ምስ ተመሃሮ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሞዴል ኣብ ዝገበሮ ርክብ ጸዊዑ።

ኣብ ተጠቃምነት ጽርግያ ብተመሃሮ ኣብ ዝርአ ሸለልትነትን ጥሕሰት ሕግን ኣተኲሩ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዝሃበ ሜጀር ሃብተ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ተመሃሮ ነፍሶም ካብ ሓደጋታትን ሳዕቤናቱን ንምድሓን፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕግን ምልክታትን ትራፊክ ክዕብዩ ተላቢዩ።

ተደራቢ ምኽሪ፡ ኣብ ጸልማት ብዘይ መብራህቲ ምምራሕ፡ ክልተ ሰብን ልዕሊኡን ተወጢሕካ ምዝዋርን ካልእን ብመራሕቲ ብሽክሌታ ዝርአ፣ ኣብ ማእከል ጽርግያ ዕላልን ኩዕሶ ምጽዋትን፡ ከምኡ'ውን ዜብራን ሴማፎሮን ብግቡእ ዘይምጥቃም ድማ ብኣጋር ዝዘወተር ጥሕሰት ከምዝኾነ'ውን ኣብሪሁ።

## ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ሃገራውነት ተመሃሮ ዘዕቢ ምኹኑ ተገሊጹ

ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ፡ ንቕሓት ተመሃሮ ኣብ ሃገርን ሃገራውነትን ዘዕቢ ስለዝኾነ ብዘለዓለ ክስራሓሉ ኣገዳሲ ምኳኑ፡ ኣወሃሃድቲ ናይ'ቲ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ኣብ ከተማ ዓዲ-ቐይሕ ዝካየድ ዘሎ መደባት ገሊጾም።

እዚ ብ11 ግንቦት ኣብ መዋእለ-ህጻናት ዝተኸፍተ መደብ፡ ክሳብ 17 ግንቦት ኣብ ኩለን ናይ መባእታ፡ ማእከላይን 2ይ ደረጃን ኣብያተ-ትምህርቲ ይቕጽል ከምዘሎ፡ ወኪል ኤሪና ሓቢሩ።

ሓላፊ ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ መምህር በየነ ተስፋይ፡ እቲ ቅነ - ተመሃሮ ብመልክዕ ጥበባዊ ውድድራትን ምርኢትን፡ ታሪኽን ክብረታትን ዝወርሱሉ



ስለዝኾነ፡ ኣገዳስነቱ ልዑል ምኳኑ ኣብሪሁ።

ናጽነት ረዚን ሓላፍነት እተሰከመ ህያብ ስውኣት ምኳና ዝሓበረ ኣመሓዳሪ ን/ዞባ ዓዲ-ቐይሕ ኣቶ ሃብታይ ተስፋዝጊ ብወገኑ፡ ትርጉም ናጽነት ኣብ ቈልዑን ተመሃሮን እናሰረጸ ንክኸይድ፡ ከም'ዚ ዓይነት መደባት ጽልዋኡ ቀሊል ስለዘይኮነ ክድፋኣሉ ከምዝድሊ ኣብሪሁ።

ቅነ ናጽነት ኣብያተ-ትምህርቲ ን/ዞባ ዓዲቐይሕ፡ ኣብ ኣብያተ-ትምህርቲ ሞኖበና፡ ፍቕርን ሰላምን፡ ሚዐ መሓዙ፡ መባእታ ዓዲ-ቐይሕ፡ 2ይ ደረጃ ዓዲ-ቐይሕ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ማእከላይ ደረጃ ቈሓይቶን ዑናብርን ይካየድ ኣሎ።

# ደቡብ - ሃማመተኤ ውድድር “ቀያሕቲ ዕንባባ” ኣካዪዱ




ስእሊ. መሪሕ ተስፋይ

ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ፡ “ቀያሕቲ ዕንባቡ፡ መሰረት ብሩህ መጻኢና” ብዝብል ቴማ፡ 12 ንኡሳን ዞባታት ዝተሳተፍኦ ውድድር ጉጅለታት ቀያሕቲ ዕንባቡ፡ ካብ 8 ክሳብ 10 ግንቦት ኣብ ከተማ መንደፈራ ኣካዪዱ።

እቲ ኣካል መደባት ቅንያት ናጽነት ኰይኑ ዝተወደበ መደብ፡ ውድድራት ግጥሚ፡ ደርፊ፡ ሙዚቃን ትልሂትን ዘጠቓለለ ነይሩ።

ውዳበ ቀያሕቲ ዕንባቡ፡ ካብ’ቲ ብኣተኩሮ ዝሰራሓሉ፣ ኣብ ምምእዛን ቈልዑ ዝቖንጸ ንጥፈታት ማሕበር ከምዝኾነ ዝገለጸ ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ፡ እዚ ብመልክዕ ውድድር ዝኻየድ መደብ፡ ሰውራዊ ውርሻታት ንምኹላዕ ዝዓለመ ከምዝኾነ ኣረዲኡ።

ካብ ኣወሃሃድቲ ናይ’ቲ መደብ - ስነ-ጥበባዊ ሽሻይ ሓይለኣብ ኣብ ዝሃቦ ገምጋም፡ ብሓፈሻ 55 ሓደስትን ዘተደግሙን ደርፍታትን መዛሙርን ከምዝቐረቡ ጠቒሱ፡ ብፍላይ ሓደስቲ መዛሙር ብዕምቈትን ኣመራርጻ ኩርናዕን ዝተፈልዩ ምንባሮም ኣብሪሁ።

ኣቦ-መንበር ባይቶ ዞባ - መምህር ወልዳይ ጉብረ ብወገኑ፡ ንኣሸቱ ወለዶታት ብቑዕ ፍልጠት ንኽድልቡ፡ ከምኡ’ውን ብባህልን ክብርታትን ሕብረተሰቦም ተኹስኲሶም ንኽዓብዩ ዝግበር ወፍሪ፡ ኣብ መጻኢ ሂወቶም ኣዝዩ ሓጋዚ ስለዝኾነ፡ ሃማመተኤ ዚያዳ ክደፍኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ኣብ መወዳእታ፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጼን፡ ውዳበ ቀያሕቲ ዕንባባ መሰረትን ቀጻልነትን ሕብረተሰብ ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ምምሕዳር ዞባ ኣድላዪ ደገፍ ከምዝገብር ኣረጋጊጹ።

ኣብ’ቲ መደብ፡ ብውልቅን ብጉጅለን ዝተዓወቱ ክሽለሙ ከለዉ፡ ንኡስ ዞባ ዓረዛ ጉብለል ብምኻን፡ ዋንጫን ገንዘባዊ መተባብዒን ተሸሊሙ።

## ሓልሓል - ዘናብ ኣብ ንብረትን መሬት ሕርሻን ጉድኣት ኣውሪዱ

ኣብ ሐውሲ. ከተማ መሉብሶ - ንኡስ ዞባ ሓልሓል ብ7 ግንቦት ዝወቐዐ ህቡብ ዝተሓወሶ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብ ህንጻ መበኢታ ቤት-ትምህርቲ ኣልኣሰር፡ መንበሪ ኣባይቲ፡ ጀራዲንን መሬት ሕርሻን ጉድኣት ኣውሪዱ።

በቲ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ-ቀትሪ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ዚንጉታት ሰለስተ ክፍልታት ቤት-ትምህርቲ ክቕንጠጥ ከሎ ኣብኡ ዝነበረ ሰሪዓት ከምእተበላሸወ ወከል ኢሪና ሓቢሩ።

ብዘይካ’ዚ፡ ሸሞንተ መንበሪ ኣባይቲ ፈሪሱ፡ ጽርግያታት ብውሕጅ ተባሕጒጉ፡ ከምኡ’ውን ኣብ ልዕሊ 2.5 ሄክታር ጀራዲንን 5.5 ሄክታር ናይ ሕርሻ መሬትን ከበድ ጉድኣት ወሪዱ።

ሐውሲ. ከተማ መሉብሶ፡ ካብ ከተማ ከረን ንሸነኽ ሰሜን 65 ኪሎሜትር ርሒቓ ትርከብ።

## ማእከል - ተመሃሮ ሕግታት ትራፊክ ብግቡእ ከኽብሩ መዘኻኸሪ ቀረቡ



ስእሊ. ዮውሃንስ መብራህቱ

ተመሃሮ ኣብ ዕለታዊ ምንቅስቓሳቶም ሕግታት ትራፊክ ከኽብሩ፡ ኣዛዚ. ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብቶ ጉብሩ፡ ብ11 ግንቦት ኣብ ከተማ ኣስመራ ምስ ተመሃሮ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ቤት-ትምህርቲ ሞዴል ኣብ ዝገበሮ ርክብ ጸዊዑ።

ኣብ ተጠቃምነት ጽርግያ ብተመሃሮ ኣብ ዝርአ ሸለልትነትን ጥሕሰት ሕግን ኣተኲሩ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ዝሃበ ሜጀር ሃብቶ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ተመሃሮ ነፍሶም ካብ ሓደጋታትን ሳዕቤናቱን ንምድሓን፡ ኣፍልጦኦም ኣብ ሕግን ምልክታትን ትራፊክ ከዕብዩ ተላብዩ።

ተደራቢኡ ምኽድ፡ ኣብ ጸልማት ብዘይ መብራህቲ ምምራሕ፡ ክልተ ሰብን ልዕሊኡን ተወጢሕካ ምዝዋርን ካልእን ብመራሕቲ ብሽክለታ ዝርአ፣ ኣብ ማእከል ጽርግያ ዕላልን ኲዕሶ ምጽዋትን፡ ከምኡ’ውን ዜብራን ሴማፎሮን ብግቡእ ዘይምጥቃም ድማ ብኣጋር ዝዝውተር ጥሕሰት ከምዝኾነ’ውን ኣብሪሁ።

ርእሰ-መምህራን ብወገኖም፡ ተመሃሮ ንዘወሃቦም ኣስተምህሮ ብግቡእ ተገንዚቦም፡ ዕላማታት ፖሊስ ትራፊክ ንምስማር ምትሕብባሮም ከዕዝዙ ተላብዮም።

## ዓሰብ - ኣብ ጥዕና እንስሳታት ዘተኰረ ስልጠና ተዋሂቡ

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ “ውሑስ መኣዛዊ መግቢ. ንኹሉ ኣብ ኩሉ” ዝብል መርሓ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ኣብ ልምዓት መግቢ. እንስሳ፡ ከምኡ’ውን ምውሓስ ጥዕና እንስሳታት ዘተኰረ ስልጠና፡ ብ8ን 9ን ግንቦት ኣብ ከተማ ዓሰብ ወዲቡ።

እቲ ካብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ብዝመጽኡ ክኢላታት ኑቶም ኣብ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ ዝጥፉ ሞያውያን ሕርሻ ዝተዋህበ ስልጠና፡ መግቢን ጥዕናን እንስሳታት ብምውሓስ፡ ቀረብ ምህርቲ እንስሳታት ንምርግጋጽ ዝዓለመ’ዩ።

ሰልጠንቲ ንኣገዳስነት ናይ’ቲ ስልጠና ብምጥቃስ፡ ክሳብ ናብ ርሑቕ ገጠራት ብምንቅስቓስ ንቕሓት ሓረስቶት ክብ ንምባል ኣበርቲዖም ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

ሓላፊ ጨንፈር ሕርሻ ዞባ ደ/ቀ/ባሕሪ መንእሰይ መሓመድ ዓብዱልራሕማን ኣብ ዝሃቦ መዛዘሚ ቃል፡ ሰልጠንቲ ብዝቐሰምዎ ትምህርቲ፡ ጥዕና ጥሪትን ምህርተንን ንምስሳን ብዕቱብ ክሰርሑ ኣዘኻኺሩ።

## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | መደብ ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | እቲ ዛንታ |
| 16:05 | ናትራን (1ይ ክፋል) |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ናትራን (2ይ ክፋል) |
| 18:40 | ፊዮሪና |
| 19:20 | መደብ ሙዚቃ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ክብረት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ፊልም ፈንቅል |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ድራማ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት |


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጰ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ሰለሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.113395-07588045

ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጰ. 1284

# ጉይታ 4 ኪሎ

መኰንን ኪዳነ

እዚ ጽሑፍ'ዚ ስውእ ደራሲ መኰንን ኪዳነ (ሻባይ)፡ ሓደ እዋን ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ኣቕሪብዎ ዝነበረ ኮይኑ፡ ታሪኽ ጅግንነት ኤርትራውያን ንምዝኽኻር ብኣጋጣሚ ጽንብል ናጽነት ኤርትራ ደጊምና ዘቕርብ ዘሎ ምኽንያት ንሕተበር።

ከመይ ዓይነት ድፍረት'ዩ ተዓዲሉዎ? ብልሓቱ እምበር ይገርመካ? እቲ ሰሓቑ፡ ጭርቃኑ'ባ ኣለካ! ተወፋይነቱ'ኸ ወደይ! እንታይ ዘይተባህለሉ?! ብዘዕበኡ ሕማቕ ዝዘረብ ሰብ ይከስስ።

ኣብ ገድሊ ካብ ዝፈለጥኩዎም ብሉጻት ጀጋኑ'ዩ - ብጻይ ዘርእዝጊ ዳዊት (ገናውና)። ሙብዝሕትኡ ግዜ፡ በታ ወለዱ ንዝጠመቑዎ ሽሙ ዝዕብለለት ሳጓኡ፡ ብናይ ቅብጥሮት ኣጸዋውዓ 'ጌ' ኢልና ኢና ንጽውዖ። ዘርእዝጊን ጌን እናበራረኹ ክጽውዖ እዩ።

'ድንገት ኣብ ዓጋመት' ዝብል ኣርእስቲ ዝሃብኩዋ መጽሓፍ ንምድላው፡ ሓበሬታ ኣብ ምምእራር ከለኹ ሰፊሕ ቃለ መጠይቕ ካብ ዘቐደኩሎም ደቂ ኣሃዱና ሓደ እዩ። ኣብ ታሪኽ ፍሉይ ተገዳሰነት ነይሩዎ። ብዛዕባ መሰኻሕ ኩናት ሰላሕታ ወራር፡ ኣብ ቀላጥ ምድሪ ምስ ጸላኢ ጥራይ ዘይኮነ ምስ ባህሪ'ውን ዝተዋጋእናሉ ውግእ ጉልጎል ግራት፡ ኣብ ወራር ባሕረ-ነጋሽ፡ ኣብ መንነ ደብረ-እበነን ሽግለትን፡ ብመራሕነቱ ዝቖናዮ፡ ብፍላይ ኣብ ሓንቲ ፈታኒት ለይቲ ዝሓደርናዮ ናይ ኢድ-ብኢድ ጥምጥም መራሕ ጋንታና ኮይኑ ዘርኣየና ጅግንነትን...ብውልቅን ብጉጅለን ዘኪርናዮም። ኣስተንቲንናሎም። ሰሒቕናሎም።

ንሕክምና ናብ ወጻኢ ሃገር ክገይሽ ከለኹ ብድሮ መጺኡ ተፋንዩኒ። ክጠቕመኒ ይኽእል እዩ ዝበሎ፡ ዓቂቡዎ ዝጸንሐ ሰነዳት ኣሃዱና እውን ሂቡኒ። "ሓዊኻ ከምቲ ናይ ቀደም ሻባይ ዱር-ዱር! እናበልካ ትምለሰና ይግበርኻ። እዛ ጀሚርካያ ዘለኻ መጽሓፍ መፈጸምታኣ የርእየና። ዕድመን ጥዕናን ይሃብካ" ኢሉኒ።

"ኣሜን! ኢያ ዘርእዝጊ። ምርቓኹም ይብጽሓና" ኢለዮ። እናሰሓቕና ተፈላሊና።

እታ ፍልይቲ ጦብላሕታ ዝነበረትለይ፡ ኣብታ ዝተሰዋኣላ መዓልቲ፡ ዘርእዝጊ ዝኸበም ደቂ ሓይልና ዓዲሙ፡ ምቁር ዕላላቱ፡ ሰሓቑ፡ ጭርቃኑ ከስተማቕር ምውዓለይ እዩ። ከባቢ ፍርቂ ለይቲ፡ ከዕርፍ ኣብ ዓራተይ ምስ ደየብኩ፡ ሽዑ ምሸት ዝተጻወቶት ካልኣይቲ ክፋል ናይቲ ቅድሚ ወርሒ ኣብሉ ዝገበሮ ቃለ መጠይቕ ርእየያ። እቲ ወግዒ ንዓመታት ብተደጋጋሚ ኣዕለሉኒ እንከሎ፡ ተኣኪነ ደጋጊመዮ። ኣይምኖን እዩ።

"ናይ ስግረ-ዶብ ስርሒታትና ብጥበእ ኣይተጻሕፈን፡ ካብሱ ዝኸኣለ ዓቢ መጽሓፍ ክጸሓፍ ኣለዎ" ብቐጻሊ ዝደጋግመለይ ዝነበረ ቃል እዩ። ኤርትራዊ፡ እቲ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ንህውሓት ይኹን ካልኦት ተቓለስቲ ኢትዮጵያውያን ዝነበረሎም ወሳኒ ደገፍ ኣቃልሉ ክርእዮ ከሚዘይብሉ፡ ዝኒ ሓቀኛ ታሪኽ'ዚ ንምኽዋል፡ ብኢትዮጵያውያን ጠምዘዙ ታሪኽ ዝዝሕ ሓሶታት ከምዘለክፎ ይገልጸለይ ነይሩ።

ምስ ብጻይ ዘርእዝጊ፡ 40 ዓመታት ዘቑጸረ ሌላ እዩ ነይሩና። እቲ ብዙሒ ዓመታት ግን ንሰለ ቀጽሪ ጥራይ ኣይኮነን። ቡቲ ዝኸበረ ሂወት ዝሓለፍና፡ ዝመረረ ፈታኒ እዋን ዝተሓልፈ ዓመታት እዩ። ሓንቲ ዓመት ኣብ ኩሉ ኣሎ ዝበሃል፡ ገድሊ ገደል ዝፈጠሮ ምርት ሂወትን ኩናትን ሓንቲ ዓመት ኣብ ሰላምን ብዕምሪ ይኹን ብዓይነት ብሓደ መዐየሪ ክትልክዐን ስለ ዘይከኣል። ብቐሊል ኣበሃህላ፡ 'ሓንቲ ብቓንዛ እናተለለኻ እትሓልፍ ለይትን ሩፍ ኢልካ ደቂስካ እተውግሓ ለይትን ንውሓተንን መቐረተንን ሓደ እዩ' ዝብል እንተሎ፡ ዘይፈተና ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል ምብልኩ።

ምናልባት ብዙሓት ሰባት፡ ንሰብ ከም ፍጡር ብሓደ ይቖጽሩዎ ይኾኑ። እዚ ናይ ቍጽሪ ስሑመገት እዚ፡ ብዙሕ ግዜ ኣብ ሰውራና ኣይሰርሕን እዩ። ወዲ ሰብ እንተተረብሐ ክንዲ ብዙሓት ክኸውን ይኽእል እዩ። ሓደ ካብቶም ንቃልሶና ዘዐውቱዎ ዓበይቲ ረቛሒታት፡ ኣራብሒ



ባህርያቱ እዩ። ገድልና፡ ንሓደ ተጋዳላይ እንተውሓደ ብኽልተ እንተተኻኢሉ ደማ ክሳብ ክራብሖ ብዝኽእል ርባሓት እናባዝሐ ክምልምል ዝጽዕር ምንባሩ፡ ሓደ ካብ ምስጢራት ዓወቱ ክኸውን ይኽእል እዩ። ብዙሕ ቍጽሪ ዝሕዝ ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብዓል ካላሽን ተዋጋኣይ ጸኒሐ፡ ሓኪም፡ መድፍዓጂ ዝተፈላለየ ኣጽዋራት፡ ጸንሕ ኢሉ ስትራተጂ ውግእ ሓንጺጹ ዘሞግእን ዘመሓድርን መራሒ፡ ኣመሓዳሪ ህዝቢ፡ ናይ ስለያ ብዓል ሞያ፡ ክኢላ ካርታ፡ ባሕረኛ፡ ሰ-ጥበበኛ፡ መካኒክ፡ መራሒ መኪና... ወዘተ እናኾነ እዩ ተጋዲሉ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሞያታት እናተገላበጠ፡ ሓደ ክንዲ ብዙሓት ተረብሐ። ብፍላይ ናይ ገለ ተጋደልቲ ዘርም እዩ። ኣብ ተረቢሖም ዘዘኣተውዎ ሞያታት ብዓወት ጸብለል ኢሎም ይወጹ። ብጻይ ዘርእዝጊ (ጌ) ሓደ ካብኣቶም እዩ ነይሩ።

ጌ፡ ካብ ቅድመ-ሰውራ ጀሚሩ፡ ቀጺሉ ኣብ ሰውራ ኣብ መወዳእታ ድማ ናብ ዓመታት ናጽነት ዝዘርጋሕ ተራብሕኑት ዝነበሮ ሓርበኛ ምኻኑ ሓደ ካብ ፍሉይነታቱ እዩ። ብዛዕባ ብጻይ ዘርእዝጊ ኩተዘንቱ እንተተባጊስካ ቡዳኒ እዩ። ኻናይ ዘርእዝጊ ኢኻ'ሞ ክትሕዝ?

በዘሸንርናዮ ክግለጽ ዝኮበእ ዓሚቑ ፍልጠቱ፡ ተመኩሮ ስርሑ፡ ሞያታቱን ሓላፍነታቱን ብዙሓት እዮም። ተመሃራይ፡ ሰራሕተኛ መንግስቲ (ቅድሚ ምስላፉ)፡ ወዲ ኣራዊት፡ ተራ ተዋጋኣይ ተጋዳላይ፡ ሓኪም፡ መድፍዓጂ ሃውናትን መዳፍዕን፡ መራሒ ጋንታ፡ ታንከኛ፡ መራሒ ሓይሊ፡ ሓላፊ ክራይ ኣባይቲ፡ ሓላፊ ህዝባዊ መጕዓዝያ ዞባ ማእከል፡ ኣመሓዳሪ ከተማ ከረን. . . ክንደይ ክበሃል! ታሪኽ ጅግና ብጻይ ዘርእዝጊ ብእኹል መጽሓፍ ጥራይ እዩ ክዘንቶ ዝከኣል።

ምስ ዘርእዝጊ እናክንራኸብ፡ ዕላልና ኣይውዳእን'ዩ። ብዘይካ'ቲ ብሓባር ዘሕለፍናዮ ሂወት ገድሊ፡ ካብና ተቖዩሩ ናብ መካናይዝድ 74 ምስ ከደ ዝፈጸሞም ቅያታት ከዕልለካ እንከሎ መደንጸ እዩ።

ዕላል ረገጹ፡ ሓንቲ ካብተን ዝፈትወን ዛንታታት እያ። ሰራዊት ህውሓት፡ ካብ ትግራይ ክሳብ ኣዲስ ኣበባ ይምርሸሉ ኣብ ዝነበረ እዋን 1990-1991፡ ንዝገራት

ኣብ ሰፊሕ መቓን ኣእቲኻ ናይ ምጥማት ባህሊ ዝነበሮ መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ዕምሪ ስርዓት ደርግ ከሕጽር ናብ ማእከል ኢትዮጵያ ወሃብ ደገፍ መካናይዝድን ኮማንዶ ኣሃዱታትን ኣብ ጎኒ ህውሓት ኣሰሊፉ ምንባሩ ዝፍለጥ እዩ። ኣብቲ ውግእ፡ ኣዘዙቲ ሰራዊት ወያነ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ውዕሎ ውግእ ንታንከኛታትና "ረገጻ ግበሩልና!" ይብሉዎም ነበሩ። ዘርእዝጊ ዝርከቦም ተባዓት ታንከኛታትና ድማ ብሰንሰለት ታንክታቶም ንሰራዊት ደርግ እናሓምተሉ ከኸሱዎ ማዕረ'ቲ ኣጋር ሰራዊት ናብ ዕርድታት ይሃጅሙ ነበሩ። በቃ! ከምዚ ናይ እኽሊ መኼዳ ከኺይዱዎ።

ኣብ ዕላላት ጅግንነት ጌ ካብ ዝሰሕቦ፡ እታ ኣብ ግንቦት 1991፡ ናብ ቤተ መንግስቲ ኣራት ኪሎ ክኣትዉ ከለዉ ዝነበራ ናይ ምህማል ስርሒት እያ። ኣብዛ ስርሒት ምህማል ዝነበሮ ቅያ ከዕልለኒ እንከሎ፡ ኣጸቢቑ ዝፈልጦ ጅግና ምኻኑ እናፈለጥኩ፡ መመሊሰ እግረም ነይረ። ድፍረቱ፡ ተዓጻጻፍነቱ፡ ተወፋይነቱ መግለጺ ቃላት ኣይረኸብሉን'የ። ድምብርጽ ከይበሎ ንወተሃደራት ደርግ፡ ኣብ ውሽጢ ቤተ-መንግስቱዮም ተደቒሲቑ፡ ኣባሎም ተመሲሉ ኣብ ማእከሎም ኣትዩ ሰላም

ኢሉ ኣህሚሉ ብታንኪ ክጥሕኖም ዘደንጹ እዩ። ኣብ ገሊኡ ከዕልለካ ከሎ፡ ካብ ህያው ፍጻመ፡ ናብ ድኑስ ፊልም'ዩ ዝቐርብ። ግን ከኣ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ብጥዑሪ ዝሰርሑዎ ተኣምራታዊ ሓቂ። ደጋጊምካ ስሚዕካዮ ዘይምኖ ዛንታ ጅግንነት!

ዜና ዕረፍቲ ብጻይ ዘርእዝጊ ኣብ ዝሰማዕኩሉ መዓልቲ ካልእ ነገር ክሰርሕ ኣይከኣልኩን። ኣማሲያይ፡ ንጅግና ብጻይ ዘርእዝጊ፡ ምስ ውዑይ ስምዒተይ ገለ ክሓናጥጠሉ ደለኹ። ብዛዕባ ጌ ዝበሃል እምብዛ ብዙሕ እዩ። ኣብ ክልተ ዝኸርታት ግን ክሕጽር ወሲነ። ዝኸሪ ናይታ ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣራት ኪሎ ዝፈጸማ ቅያን፡ ዝኸሪ ናይታ ንኣይ ብሂወት ንኽቕጽል፡ ህይወቱ ወፍዩ ዘድሓነኒ ዝኸሪ ኣሃዱናን። በታ ናይ ኣራት ኪሎ ክጅምር።

ዚ ዛንታ'ዚ ክጽሕፈሉ ዝደለኹ፡ ብቐንዱ መንእሰይ ወለዶና፡ ሓቀኛ ታሪኽ ኢያታቱን ኣቦታቱን ክፈልጥ፡ ክሕበሎን ብቐጻሊ ከዘንትወሉን ምእንቲ እዩ። መን ይፈልጥ! ፊልም ክሰርሖ እዩ ኢሉ ዝብገስ ህርኩት መንእሰይ ሰንጠበቐ'ውን ኣይሰኣንን ይኾውን። እዚ

ጽሑፍ'ዚ ዝኸፈ፡ ንቅያ ታንከኛታትና ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዘዘንቱ ኣይኮነን። እኳ ድኣ ብዛዕባ'ታ ንሱ ብኣካል ዘዕለለኒ ንእሽቶ ክፋል ናይቲ ዓቢ ስርሒት ጥራይ እያ። እንተ ቅያ ተጋደልትና፡ መካናይዝድ ይኹኑ ኮማንዶን ኣጋር ተዋጊእቲ ኣብ ስግረዶባዊ ስርሒታት ብዝሰፍሐ መልክዑ ተጺሒፉ ክተሓዝ ዘለዎ እዩ። ናብ ዕላል ጌ ብዛዕባ ኣራት ኪሎ ንኺድ።

ሰሉስ 28 ግንቦት 1991። ሰዓት ሓሙሽተ ወጋሕታ። ኣርባዕተ ታንክታት ሓዙ ንቤተ-መንግስቲ ኣራት ኪሎ ክሕዛ ዝተመደበ ማእከልነት ሓይሊ ታንከኛ ዘርእዝጊ ዳዊት፡ ከም ኣዛዚ ሓይሊ፡ ንኣባላቱ ብድሕሪት ኮይኑ "እተዉ!" ኢሉ ክእዝዞም ኣይደለየን። ባዕሉ ምስታ ቀዳመይቲ ታንኪ ክኣቱ እዩ ወሲኑ። "ኣነ ኩሓልፍ፡ ንሰኻ ጽናሕ!" ሰሩጽ ባህሊ ተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር'ዩ። ብቐዳመይቲ እትትከሰኻ ቦምባ ክትጠፍእ ወይ ብቐዳመይቲ ዝተከሰኪያ ቦምባ ኩተጥፍእ'ዩ እቲ ንቕሎ፡ ወይ ግብ ወይ ኩብ!

"ታንከኛታትና ኑቲ ሓሙሳ ታንክታት ዓሪደናሉ ዝነበራ ቤት መንግስቲ ኣራት ኪሎ ምቁጽጻር እዩ ተልእኾኦም። ንሓሙሳ ታንክታት ብኣርባዕተ

ታንክታት ክጦጥሙወን ኢና ንብል ዘለና። እቲ ምጣኔ ጥራይ ንባዕሉ ዘደንጹ እዩ። ሓንቲ ታንክ ሻዕብያ ኣንጻር 12-13 ታንክታት ደርግ ክትጋጠም ማለት'ዩ። እቲ ዝነገረና ዘውቱር ዛንታ ግጥም ዳዊትን ጎልያድን ከምዚ ዓይነት ተኣምርን ሓደገኛነትን ኣለዎ ኢለ ኣይሓሰብኩን እየ። መጻጸሪ ክንቅይር ከድልየና ይመስል።

ምሉእ ለይቲ ኣብ ጉዕዞ ዝሓደሩ፡ ዘርእዝጊ ዝመርሖም ታንከኛታት ህዝባዊ ግንባር፡ ናብ ቤተ-መንግስቲ ገጾም እናቐረቡ ምስ መጹ፡ ታንክታት ጸላኢ ድብያ ገይረን ከይሃርማኦም ተጠራጠሩ። ኣብ ከባቢ ኣፍሪቃ ኣደራሽ ምስ በጽሑ ድማ፡ ተጠንቂቖም ከባቢኦም ተቘጻጸሩ። ሽዱሽተ ንሓለዋ ዝቖማ ዝመሰላ ታንክታት፡ ኣብ ቅድሚት ሸነኽ ናይቲ ቤተ መንግስቲ ተገዲመን ተቐሚጠን ረኣዩ። ቦምባታቶም ኣጉሪሶም ንግብረ-መልሲ ተዳለዉ። እቶም ብተመኩሮ ዝበሰሉ ናይ ሳሕል ታንከኛታት፡ ኣቃውማ ናይተን ታንክታት ኣተኩሮም ኣስተውዓሉሉ። ዝኾነት ታንኪ ንቕድሚኣ ዘሎ ዕላማ ክትሃርም እንተኾይና፡ ሻምብቆኣ ትሕቲ 45 ዲግሪ ክድፋእ ከም ዘለዎ ኣማእዚዮም ይፈልጡ እዮም። ሻምብቆታት ብረት ናይተን ዝጠርጠሩወን ሽዱሽተ ታንክታት ጸላኢ ግን 45 ዲግሪ ኣንቃዕሪሩ ነበረ። በዚ ከኣ፡ ክሃርማኦም ዝተዳለዋ ዘይምንባረን ኣረጋገጹ። ትኽ ኢሎም፡ ናብ ቀጽሪ ቤተ-መንግስቲ ኣራት ኪሎ ኣምርሑ።

ኣብቲ ቀጽሪ ክኣትዉ ምስ ቀረቡ፡ ሓንቲ ንእሽቶ መኪና ዝሓዘ ዲፕሎማት፡ ኣብቲ ከባቢ ናብ ዝርከብ ሆቴሉ ክኣቱ፡ ኣብ ኣፍደገ ቤተ-መንግስቲ ጉፍ በሎም። እቶም ታንከኛታት ክሰዱዎ ኣይደለዩን። ምኽንያቱ፡ ምስጢር ኣውጺኡ፡ ንሃንደበትነት ናይቲ ስርሒት ክፍሽሎ ዘይተደልየ ዋጋ ከኽፍሎምን ይኽእል እዩ። ካብ ታንኮም ዘሊሎም ብምውራድ፡ ደው ክብል ኣዘዙዎ። እቲ ዲፕሎማት፡ ኩሎም ዘይሰምዑዎ ስዋሂሊ ዝጥዕም ቋንቋ እናተዛረበ ክኸይድ ፈተነ። ታንክታት ኣብ ቅድሚኡ ተጉቲረን ርእዩ እንተረዓደ ዝተሓዞ ኣይኮነን። ብረታቶም ኣቕኒዖም ፍሕት ከይብል ኣጠንቀቑዎ። ፈሪሑ ደው በለ። ማዕጾ መኪና ከፊቶም ሓኒቖም ኣውረዱዎ። ሞተረ ናይታ መኪና ከጥፍኡዎ ደለዩ። እታ መኪና ሓዲሳቶም ግን ኣይከኣሉን። ከበራኽሩዋ ኣይደለዩን። ጠንጢኖማ ናብ ዕማሞም ኣተዉ።

ነታ ናይቲ ዲፕሎማት መኪና ገዲፎማ ብግስ ክብሉ ከለዉ፡ ኣብ ኣፍደገ ቀጽሪ ናይቲ ቤት መንግስቲ ሓደ ቀሺ ህሩጉ በሎም። ንታ ኣብ ውሽጢ እቲ ቤተ-መንግስቲ ዘላ ቤተ-ክርስትያን ክኸፍት እዩ። ደው ክብል ኣዘዙዎ። ቀሺ ግድን ክሓልፍ ኣለኒ ኢሉ ኣዕገርገረ። ንህይወቱ ሓደገኛ ምኻኑ ኣጠንቀቑዎ። "ኣሕልፉኒ ጥራይ! ኣብታ ቤተ-ክርስትያን እንተሞትኩ ሓላል እዩ" እናበለ ክፍንጥሶም ድንዕ-ድንዕ በለ። እንተሕለፎሞ ኑቶም ወተሃደራት ክሕስወሎም ስለ ዝኾነ ክሕልፉዎ ኣይክእሉን'የም። ግድን ደው ክብል ምኻኑ ነገሩዎ። ኣባ ቀሺ ግን ክጥሕሶም ድንዕ-ድንዕ በለ። እቶም ታንከኛታት ተጋደልቲ፡ ሓይሊ ክጥቀሙ ተገደዱ። ክጎድኡ ዕድል ክሀቡዎ ኣይደለዩን። ናብ ጉንዲ እንቶ ብረት ኣቕኒዖም፡ ብዘይ ዘረባ ክጽጋዕ ኣዘዙዎ። ሓጺር! ኣባ ቀሺ ሰላሕ ኢሉ ተጸግዐ።

ይቕጽል . . .

ግንቦት 12፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቑሊ ኣብ ትሕቲ **“ውሑስ ጥዕና ብቑሊ፡ መሰረት ውሕስነት መግቢ የረጋግጽ”** (Plant Biosecurity for Food Security) ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ፡ ሎሚ ዓመት ኣብ ዓለምን ሃገርናን ንሓሙሻይ ግዜኣ ተዘኪራ። እዛ መዓልቲ፡ ዓለምለኻዊ ማሕበረሰብ ንቕሓቱ ክብ ኣቢሉ፡ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን፡ መግብን ንግድን፡ ቁጠባን መነባብሮን... ጥዑይ፡ ውሑስ/ድሕነቱ ዝሓለወን ዘላቕን ንክኸውን ዘረጋግጽ ስጉምትታት ክወስድ ከም ዘለዎ፡ እተዘኻኽር ኣዝያ ኣገዳሲት ዕለት እያ።

# 12 ግንቦት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጥዕና ብቑሊ

# “ውሑስ ጥዕና ብቑሊ፡ መሰረት ውሑስነት መግቢ የረጋግጽ”



ብዘይ ሕጋዊ ኣገባብ ብመዓርፎ ነፈርቲ ክኣቱ ዝተታሕዘ ውጽኢት ብቑሊ

ብቑልን ውጽኢት ብቑልን፡ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ወይ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ኣብ ምንቅስቓሶም፡ ገለ ባልዓት ሒዞም ክጉዓዓዙ ስለ ዝኽእሉ፡ ኣዝዩ ልዑል ጥንቃቐ ምግባር የድሊ። ባልዓት ብቑሊ፡ ብእተፈላለዩ መገድታት ማለት ብመርከብ፡ ብሰብ፡ ብነፋሪት ምስ እተፋላለየ ኣቑሑ፡... ክኣትዉ ይኽእሉ፣ ኣብቲ ዝኣትዉዎ ሓድሽ ቦታ ኸኣ ዓቢ ሓደጋ የስዕቡ፣ ብቐሊሉ ክጠፍኡ ዘይክእሉ ብምኳኖም ድማ ኣብ ልዕሊ ቍጠባ ናይ ሓንቲ ሃገር ወይ ሕብረተሰብ፡ ከቢድ ጉድኣት የስዕቡ። ባልዓት ንምጥፋእ እንጥቀመሎም መድሃኒታት ብግደኦም፡ ኣብ ኣከባብን ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነትን ዝበኣሰ ክሳራታት እዮም ዘውርዱ። ሕብረተሰብ ክረኽቦ ዝግብኦ መኣዛዊ መግብታት ድማ ብሰንኪ ባልዓት ይስኣን። ስለዚ፡ “ውሑስ ጥዕና ብቑሊ፡ ንምርግጋጽ ውሕስነት መግቢ” ካብ ዝሕግዙና ኣገባባት እምበኣር፡ እዞም ዝስዕቡ ምጥቃስ ይከኣል።

1. ምሕያል ኣገልግሎት ውሸባ ብቑሊ

ብቑልን ውጽኢት ብቑልን፡ ባልዓት ሒዞም ከይኣትዉን ከየስፋሕፍሑን ንምክልኻል፡ ዓቢ ጥንቃቐ የድሊ። ካብ ካልኦት ሃገራት ናብ ሃገር ቅድሚ ምእታዉ፡ ብመሰረት ኣዋጅ ውሸባ ብቑሊ ቁጽሪ 156/2006፡ ናይ እትዋትን ንጽህናን ወረቐት ምስክር ከም ዘማልአ ክነረጋግጽ ኣለና። ኣብ ወደባት፡ መዕርፎ ነፈርቲ ወይ ብመሬታዊ መእተዊ ኣፍደገታት፡ እቲ ዝኣቱ ዘሎ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን፡ ብግቡእ ክፍተሸን እቲ ተዋሂቡዎ ዘሎ ወረቐት ምስክር፡ ብቑዕ ምዃኑን ምርጋግጽ የድሊ። ቅምሶ ብምውሳድ፡ ደቂቕ መርመራ ተገይሩሉ፡ ካብ ባልዕ ውሑስ ከም ዝኸውን ምግባር ማለት’ዩ። ምስ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ተተሓሒዞም፡ ብእተፈላለየ ኣገባብ ወይ ዘይሕጋዊ መንገዲ ሰሊኾም ዝኣትዉ ከምኡ’ውን ብመልክዕ ለበዳ ዝኣትዉ ባልዓት፡ ኣብ ሃገር ምስ ኣተዉ ከየስፋሕፍሑን ከቢድ ጉድኣት ከየውረዱን፡ ተቐላጢፍካ ኣብ ቁጽጽር ምእታዎም ወሳኒ እዩ። ኣብዞም ዝሓለፉ ዓሰርተታት ዓመታት፡ ኣህጉራዊ መጓዓዝያን ንግድን፡ ኣብ ምስፍሕፋሕ ባልዓትን ሕማማትን ዓቢ እጃም ተጻዊቱ እዩ። ስለዚ፡ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ኣብ እነጓዓዕዘሉ እዋን፡ ካብ ባልዕ ናጻ ምዃኖም ኣረጋጊጽና ክነጉዓዕዝ ይግብኣና።

2. ግቡእ ኮለላ ምክያድ

ሓደስቲ ባልዓት ብእተፈለለዩ መንገድታት ኣብ ሃገር ክኣትዉ ይኽእሉ። እዞም ዝኣተዉ ባልዓት ግን ብዝቐልጠፈ ኮለላ ገይርካ ክተለልዮም ይግባእ። ምኽንያቱ፡ ኣብ ልዕሊ ምህርቲ ኲነ ካልእ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ኣግራብን ሳዕቤናት ከምጽኡ ስለ ዝኽእሉ፡ ሓደገኛታት እዮም። ኮለላ ምክያድ፡ ኣብ ሃገር ዘለዉ ባልዓት ብግቡእ ሰኒድካ፡ ኣብ ካልኦት ሃገራት ምስ ዘለዉ ባልዓት ብምንጽጻር፡ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ኣብ እተእትወሉን እትሰደሉን እዋን ክሕግዘካ ይኽእል።

3. ንቕሓት ሕብረተሰብ/ መሻርኽቲ ምዕባይ

ኣፍልጦ ሕብረተ-ሰብ ብዛዕባ ሕማማትን ባልዓትን ክሰፍሕ የድሊ። ባልዓት፡ ምስ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ክኣትዉ፡ ክሰርቱ፡ ከስፋሕፍሑን ኣብ ልዕሊ ምህርቲ ዕንወት ከውርዱን ከም ዝኽእሉ ምፍላጥ ወሳኒ እዩ። ንኣፍረይቲ፡ ነጋዶ፡ ቱሪዝም፡ ተመራመርቲ ስነ-ፍልጠት፡ ብዓል ስልጣን ኣግራብን እንስሳ ዘገዳምን፡ መራኸቢ ብዙሓን፡ ኣመስራሕቲ ትካላት... ብሓፈሻ ንሃገራውያን መሻርኽቲ፡ ኣፍልጦኦም ከም ዝዓቢ ምግባር ሓጋዚ’ዩ። ባልዓትን ሕማማትን ዶባ ስለ ዘይብሎም፡ ካብ ደገ ምስ ዝኣትዉ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን ተተሓሒዞም ንኸይኣትዉ፡ ጻዕርን ውህደትን ናይ ዞባውያንን ኣህጉራውያንን ውድባትን ሞያውያን ኣካላትን’ውን ኣገዳሲ እዩ። ብዓቢኡ ግን፡ በቲ ኣህጉራዊ ውዕልን ሃገራዊ መምርሒታትን ምክልኻል ብቑሊ ተኸቲልካ፡ ከተእቱን ከተውጽእን ከም ዘለካ ምፍላጥ የድሊ።

ውሑስ ጥዕና ብቑሊ ውሕስነት መግቢ የረጋግጽ

ጥዑይን ንጹህን ብቑሊ፡ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ዓቢ ድፍኢት ኣሎዎ። ሃገራዊ፡ ዞባውን ኣህጉራውን ንግዲ ብቑልን ውጽኢት ብቑልን፡ ኣብ ዕቤት ቁጠባ ሓንቲ ሃገር ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ፣ ብፍላይ ድማ ነተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት። እኹልን ቀጻልን ቀረብ መግቢ ምህላው፡ ዕብየትን ውሕስነት መግብን ኣብ ምርግጋጽ፡ ጥሜት ኣብ ምጥፋእን ካልእን ይሕግዝ። እዚ ዕዉት ንምግባሩ ግን ኣጸጋሚ ዝኾነሉ እዋን ኣሎ። ፈለማ ጥዕና ብቑሊ፡ እንስሳ፡ ሰብ፡ ኣከባቢ፡... ከተውሕስ ስለ ዘሎካ። ቀንዲ ማሕንቐታት ናይ’ዚ ዝኾኑ ረቛሒታት ከኣ፦ ክሊማዊ ለውጢ፡ ዘይምዕሩይ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት፡ ወረርቲ/ ሓደስቲ ባልዓት፡ (invasive pests) ዘይምዕሩይ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸረ-ባልዕ፡ ... እዮም። ኣብ ኣፍሪቃ፡ ዓመታዊ ኣስታት 135 ሚልዮን ዝበጽሑ ሰባት፡ ብመግቢ ወለድ ሕማማት ይጥቅዑ። ኣስታት 180,000 ዝኾኑ ድማ ብመግቢ ወለድ ሕማማትን ካልኦትን ዓመታዊ ይሞቱ። ነዞም መግቢ ወለድ ሕማማት ንምፍዋስ ድማ ዓመታዊ፡ ኣስታት 3.5 ቢልዮን ዶላር፡ ወጻኢ ይግበር። ስለዚ እኹል፡ ውሑስን ቀጻልን ቀረብ መግቢ እንስሳ ምስ ዝህሉ፡ ወዲ ሰብ ዘድልዮ መኣዛዊ መግቢ ክረክብ ስለ ዝኽእል፡ ኣብ ጥዕና ዓቢ ኣስተዋጽኦ ይገብር። ውሑስን ጥዑይን ብቑሊ ምስ ዝረጋገጽ፡ ጥዕና ኣከባቢ፡ ወዲ-ሰብን እንስሳታትን ብእኡ መጠን፡ ውሑስ ክኸውን ይኽእል። ቴማ ናይዛ 12 ግንቦት እንጽንብላ ኣህጉራዊ መዓልቲ ጥዕና ብቑሊ እምበኣር፡ ነዚ ሓቂ’ዚ መሰረት ዝገበረ እዩ። “ውሑስ ጥዕና ብቑሊ፡ ውሕስነት መግቢ የረጋግጽ”

***




**ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!**

ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝዳሎ ዓምዲ - ለይ-ኣውት ሶፊያ ፍቓዱ ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቴ.ስልኪ 182225/ 07415048 - ቁ.ሳ.ፖ 1048

# ባና ትምህርቲ

ብሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝዳሎ ዓምዲ

ብንያም ገብረኪዳን

## ENGLISH – LEVEL 1

A synonyms – is a word that has about the same meaning as another word.
Eg. Clean – neat, Clever – smart, High – tall
An Antonyms – is a word that means the opposite of another word.
Eg. Clean - dirty, Clever – stupid, High – low

## Puzzle - 1

**ዝተፈተኹም ተመሃሮ፡ ካብ ሎሚ ጀሚርና ዝተፈላለዩ ግድል (puzzle) ክነቕርበልኩም ኢና። ናይ ቀዳማይ ደረጃ 10 ግድል ምሉእ መልሲ ምስ እትምልሱ ሽልማት ኣዳሊናልኩም ኣለና። ኣድራሻና ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ።**

ACROSS


1. not handsome
3. beat
4. fear
5. friend
8. sight organ
11.faster than walk
14. to like
16. quite
17. loud
18. soft & kind



DOWN

2. equal to 365 days
10. to test
3. neither easy nor soft
12. funny & interesting
5. not hot
13. not sharp, blunt
6. past tense of eat
15. blank
7. happy
16. present tense of sung
9. old




## ክም...የለን!

* ክም **ሓርማዝ** ዝዝክር፡ ክም **ገመል** ዝቶየም፡ ክም **ከልቢ** ዝሰስዕ፡ ክም **ሰገን** ዝዕሾ፡ ክም **ኣድጊ** ዘይግደስ፡ ክም **ነብሪ** ዝጭክን፡ ክም **ለኺኺቶ** ዝቕልጥፍ፡ ክም **ንስሪ** ዝርኢ ፍጡር የለን።

## ጥቕስታት ናጽነት

* ናጽነት ትምንዛዕ እምበር፡ ኣይትወሃብን'ያ።
***ሓርበኛ ገረዝጊሄር ዓንደማርያም***
* ናጽነት እንተዘይሃልዩ ይትረፍ ደው ኢልካ፡ እናሃደምካ ትኸደሉ ቦታ የለን። ***ነልሰን ማንዴላ***

*ናጽነት እንተዘይህልወኒ፡ ብሂወት ኣብ ምንባር ሕጉስ ዝገብረኒ ካልእ ክቡር ነገር ብፍጹም ኣይምሃለወን። ኣይምነበርኩን ከኣ! ምመተኹ ወይ ክደልያ ምኸድኩ።
***ነልሰን ማንዴላ***
*ሚስዮናውያን መጽሓፍ ቅዱስ ሒዞምልና መጺኦም፡ ንኣምላኽኩም ዓይንኹም ዓሚትኩም ጸሎትኩም ኣዕርጉ ኢሎምና። ዓይንና ምስ ዓመትና፡ ንሳቶም ድንግል መሬትና ሒዞም፡ ንሕና ድማ መጽሓፍ ቅዱስ ሒዝና ተሪፍና። ***ጆሞ ኬንያታ***

## ኣተኩሮ

ኣማንኤል በርሀ

1. ሓደ ኣብ ማእከላይ ዕድመ ዘሎ ኤርትራዊ ሰብኣይ ክንደይ ዕለተ ልደት ኣለዎ፧
2. ክልተ ግዜ እትውለድ እንስሳ፧
3. ኣብ ሓደ ደንደስ ሩባ ሓንቲ ዝሞተት እንቁርዖብ ኣላ። ብየማና ልምሉም ሸኻ ኣሎ፡ ብጸጋማ ድማ ጽሩይ ማይ። ናበይ ገጻ ትኸይድ፧
4. ከይተንቀሳቐሰ ብብዙሓት ከተማታት ዝሓልፍ፧
5. ሚያዝያ፡ ሰነ፡ መስከረምን ሕዳርን 30 መዓልትታት ኣለወን። 28 መዓልትታት ዘለወን ኣዋርሕ ክንደይ እየን፧

መልሲ
1.ሓንቲ። ዕድመኡ ብዘየገድስ ሓንሳብ ጥራይ እዩ ተወሊዱ።
2.ደርሆ። እንቋቑሖ ኰይና ትውለድ፣ መሊሳ ከኣ ጫቑት ኰይና ትውለድ።
3.ሞይታ'ያ፡ ናብ ተብሎ የብላን።
4.ጽርግያ
5.ኩለን ኣዋርሕ 28 መዓልትታት ኣለወን፡ ዋላ'ተን 31 ዝውድኣ።

## ጥቕስታት ባዕዲ

*ብሴፍ ብዙሕ ነገር ምግባር ይከኣል'ዩ፡ እንተርፎ ኣብ ሴፍ ኮፍ ምባል። ***ናፖልዮን***

*ህይወት ሕልሚ'ዩ። ሞት ከኣ ካብ ሕልሚ ምብርባር'ዩ። ***ልዮ ቶልስተይ***

*ንሰባት ዝተሓባበሩ ክልተ ነገራት ኣለዉ፣ ንሳቶም ከኣ ፍርሓትን ጥቕምን እዮም። ***ናፖልዮን***

*እቶም ንህይወተይ ኣገደስቲ ዝኾኑ ነገራት፣ ስራሕ፡ ፍቕሪ፡ ተስፋ እዮም። ***ጂሴፍ ኤሰን***

*ብጭንቀትን ትህኪትን ዝመወት'ምበር ብጻዕቂ ስራሕ ዝመወት ኣይረኣኹን። ***ቻርለስ ማዮ***

## እንስሳታት እንታይ ዓይነት ድምጺ ይገብሩ፧






1.ፈረስ - ይሕምሕም
2.ኣንበሳ - ይጓዝም
3.ገመል - ይግዕር
4.ህበይ - ቱሕ ይብል
5.ነብሪ - ሑብሑብ ይብል
6.ድሙ - ኛው ትብል
7.ጺጓ - ጺጽ
8.ተብዓታይ ደርሆ - ይንቁ
9.ኣንስተይቲ ደርሆ - ትቖቑ
10. ጨቓዊት - ጭቕ ጭቕ ይብላ
11. ዕንጭራር - ጪጭ ትብል
12. ተመን - ይፋጺ
13. በጊዕ - ቤዕ ትብል
14. ኣድጊ - ይሃልል
15. ርግቢት - ትሕንሕን
16. ላም - እምባሕ/ ሒሕ ትብል
17. መፍለስ - ኵሪፍ ይብል
18. ዝብኢ - እንጉዩ ይብል
19. ከልቢ - ይነብሕ
20. ኣሓ - ግዒሮ ይገብራ



**ሓበሬታ**
ዝኽበርኩም ተኸታተልትና፡ ክትሳተፉን ርእይቶኹም ክትህቡናን ብኸብሪ ንዕድም። ኣድራሻና- ሚኒስትሪ ትምህርቲ- ክ/ትም/ንግበይትን ሚድያን- ተሌፎን 114991 Po.Box- 609 lay-out ኣበል መንግስ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ናዝሬት ብርሃ ወንድምኣገኘሁ፡ ኣቦይ ብርሃ ወንድምኣገኘሁ ኣለሙ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ይቕረብ።

ናዝሬት ብርሃ ወንድምኣገኘሁ፡ ኣዴና ገርገስ ሓጎስ ስብሃቱ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9 መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ።

ብፍ/በ/ማሰል የዕበዮ ተወልደ፡ ብፍ/በ/ ዕዳ ፍጻም ገብረ-ዩ፡ ንግኻ ዝምልከት ናይ ፈጻሚ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲት እዝገኣምን ግርማይ ገብረስላሴ፡ ተጸዋዒ ገብረዝጊሄር ሰለሙን ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ሃንሱ ሃይለስላሴ እንግዳ፡ ኣደይ ወ/ሮ ርግኣት ሃይለ ዑቕባእንደርያስ፡ ብህይወት ከም ብለየ ዘውረስትኒ ክጸድቀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ዕዳጋ እኽሊ ይቕረብ።

ከሳሲ ኣቶ የዕበዮ ጎይትኦም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሽዊት ኣሰፋው ተስፋጽዮን፡ ናይ ሱብኣይን ሰበይትን ዝምልከት ጉዳይ ተኸፊቱልኪ ስለዘሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኤልሳ ወልዱ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ኤልሳቤጥ ወልዱ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ጓዕዳድ

ተስፋኣለም በራኺ ገብረስላሴ፡ ኣቦና በራኺ ገብረስላሴ ባይርኡ ስለዝዓረፈ፡ ንኣዴና ወ/ሮ ኣስመረት ጸደቐ ፍስሃ ናይ መጻምዲ መሰለ ይተሓለወላ፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ደማ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፎም ኪዳ ስኡ፡ ስም ኣደይ እዝጊሃረያ ወልደገያርጊሽ ምባል ተረፉ፡ እዝጊሃረያ ፍስሓጽዮን ወልደገያርጊሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን8/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ወ/ሮ ርግበ ተስፋይ፡ ብዓል ቤተይ መንግስትኣብ በራኺ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ያሬድ ንገሰ ክፍላይ ምባል ተረፉ፡ ያሬድ ኣንገሶም ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ። ወ/ሮ ጉኑ ሃይሉ ተኽሉ፡ ኣሞይ ወ/ሮ ሽዋይሽ ኣብርሃ ገብረኪዳን ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መሓሪት ተስፋዝጊ ሓየሎም፡ ብዓል ቤተይ ገብረእግዚኣብሄር ከሰተ ገብረሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መ/ም ሙሴ ተኽሉ ገ/ክርስቶስ፡ ኣደይ ኣበበ ተኽለማርያም ሃብተስላሰ ስለዝዓረፈት፡ 9 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፈሩዝ ያሲን የሱፍ ምባል ተረፉ፡ ሰቢሕ ያሲን የሱፍ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸሃይ ካሕሳይ ኣርኣያ፡ ጓለይ ቤሉል ነጅብ ዑመር ስለዝዓረፈት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤደን ሙሉጌታ ተስፋይ ምባል ተረፉ፡ ቅሳነት ሙሉጌታ ተስፋይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፋኣለም ወልደየውሃንስ ክፍለ ምባል ተረፉ፡ ተስፋሚኣኤል ወልደየውሃንስ ክፍለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ገብረሚካኤል ወልደገብርኤል ዘሙይ ምባል ተረፉ፡ ናህም ወልደገብርኤል ዘሙይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጉኑ ገብረገርግስ መኮንን፡ ተኸሳሲ ኣቶ ወልደምህረት ግርማይ ገብረድንግል፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ለተሚካኤል ዛይድ ፍስሃየ ምባል ተረፉ፡ ሰላም ዛይድ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሰሚራ ምስጉና ገብረሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ቅዱሳን ምስጉና ገብረሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

ሙብራሂቱ ኣሰፍሃ ረዳ ምባል ተረፉ፡ ሙብራሂቱ ኣሰፍሃ ግደ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቤተልሄም ፊደል ረዘ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሽዊት ወልደኣብ ካብ 2010 ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ትጸወዓለይ። እንተዘይቀሪባ ደማ ጥፉእ ክውሰነለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዳዊት ተኽሊኖ ምባል ተረፉ፡ ኣቤል ተኽሊኖ ተኽለም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ታረዛ ኣብርሃም፡ ኣደይ ንጸሀቲ ግደይ ባህታ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲት ወ/ሮ ርግኣት ሃብቶም ተስፋሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብቱ ገብርኣብ መንግስቱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ በለጸት ተስፋይ ኣብርሃ፡ ብዓል ቤተይ ደበሳይ መሻሾ ወልዱ ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቁ ደማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ጉይትኦም ገብረመስቀል ክፍሉ፡ ኣደይ ከበደሽ ገብረ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ራንዳ ብርሃ ተኽለ ምባል ተረፉ፡ ሃና ብርሃ ተኽለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት ኣስመረት ሃይለ ባህታ፡ ተኸሳሲ ለገሰ ብርሃ ሓጎስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ሃጻ ተወልደ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ቀሺ ድራር ተኽለ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ኣብ ዝነቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጸገ ሙብራሂቶም ሃይሉ፡ ተኸሳሲ ረዘ ገብረመድህን ኣረጋዊ ሓጎስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ከሳሲት ደሃብ ኣድሓኖም በርሀ፡ ተኸሳሲ ፍትዊ ኣርኣያ ተኽሉ፡ ሰ/ሰ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ሆሳእና ኣበበ ይሓይሽ ምባል ተረፉ፡ ሆሳእና ዓበለ ይሓይሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣብርሃም ኢያብ ወልደብርሃን ምባል ተረፉ፡ ኣብርሃም ገብረብርሃን ዓንደብርሃን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ት/ዕ ሓምድ ዓብደላ ፋይድ ምባል ተረፉ፡ ሓምድ ዓብደላ እስማዒል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳዕድያ ጃብረ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ሳዕድያ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳሮን ረዘ ኣብርሃ ምባል ተረፉ፡ ሳሮን ኤፍሬም ሰረቀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ንፃማ ማሕሙድ ሓሰቦዲን ምባል ተረፉ፡ ንፃማ ማሕሙድ ሓቦዲን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓሰን ሳልሕ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ እድሪስ ዓበ መሓመድ፣ ስም ኣደይ ድማ ሳዕድያ ማሕሙድ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ዓሻ ማሕሙድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሐመድ መሓመድኑር ማሕሙድ ምባል ተረፉ፡ ሐመድ ዓሊ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፣ ስም ኣደይ ድማ ሳዕድያ ሃብቱ ፋዛጋ ምባል ተረፉ፡ ከድጃ ኣደም ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን21/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኤልሳ ዓንደማርያም፡ ብዓል ቤተይ ገብረሂወት ከተማ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ወዱ ደማ ወራሲ ምዃኑ ይረጋገጸሉ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ዓብደላ ሸሪፍ ዓብደልዋሃብ፡ ኣብ ከባቢ ም/ም ቲራቮሎ ዚፕ 1A866 ፕሎት 146 ፓርሰል D ጎደና 866-4 ስፍሓት መሬት 312.50 ት.ሜ ብቑጽሪ መዝገብ ንብረት 1፡007424 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ) ብዓል ሓዳ ደርቢ፡ ብመሸጣ ከመሓላልፎ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን ይቕረብ፡ እንተዘየቐረበ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ከፈጽም ምዃነይ እሕብር።

ወኪል ኣወል ኑረዲን

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ-ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ከሳሲ ኣቶ ሃብቶም ክፍለ ተስፋማርያም፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ሰለማዊት ኣየለ ገብረማርያም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.49 ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ከሳሲት ወ/ሮ ልያ ክብሮም ዑቕበ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ዴልሺ የማነ ተኽሉ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ በለጸት ተስፋይ ኣብርሃ ብሞት ቤተይ ደብሳይ መጃሾ ወልዱ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማለይ ይተሓለወለይ፡ 9 ደቂ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ሳልሕ ሓምድ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ ሳልሕ ሓምድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

እድሪስ መሓመድ መሳ ምባል ተረፉ፡መሓመድእድሪስ መሓመድ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፋጥና ኢብራሂም ናፍዑ ስም ኣደይ ዓፍ ዑመር ሰዒድ ምባል ተረፉ፡ ዓፊት ዑመር ሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ለድያ ብርሃ መሓሪ፡ ኣደይ ጸጋ ሃብቲት ኣተሸም ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1ጓለይ ጥራይ ወረሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

መርሃዊት ሓለፎም ሓይለዝጊ ምባል ተረፉ፡ ሳሮን ሓለፎም ሓይለዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸጋ ባህታ ኣርኣያ፡ ኣቦይ ባህታ ኣርኣያ ማዱ ስለዝዐረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ሕብረት ኪዳንማርያም፡ ተኸሳሲ ኣረጋዊ ሽጉጥ ተኽሉ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን10/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።
ከሳሲት ኣልጋሽ ገብረሃወርያ፡ ተኸሳሲ ሃብተ በርሀ ወልዱ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን3/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ጅምዓት መሓመድ ኣደም ምባል ተረፉ፡ ጅምዕያ መሓመድ ኣደም እድሪስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፡ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ከሳሲ ኣቶ ሓሰን በኺት መሓመድ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብዲ ተኪኤ ግንቦት፡ ናይ ሰሸል ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ንዕለት 29/05/26 ናብ ቤት ፍርዲ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ቅረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

---

ብስም ሳሙኤል ብርሃ ገብረትንሳኤ ዝተመዝገበ ብቁ/ፍ.ዋኒን ASL00039353 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ደብረሳላ-1 ቁ.ገዛ 14 ዝርከብ ናይ ባር ትካል፡ ንኣቶ ቢንያም ዑቕባይ ኣፍወርቂ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጸጸራት ጎደና 186-1ቁ.ገዛ- ካብ ዕለት 01/05/2026 ክሳብ ዕለት 30/04/2030 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ ስልጣን ዝሓለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከም ዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ፍለጡ።

ሳሙኤል ብርሃ ገብረትንሳኤ

---

ብስም ኣፍ/መሓመድ ዓጣ ጉንተር፡ ኣብ ምም/ ንኡስ ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ሳሕል ኣድሓኖም ፕሎት 22 ፓርሰል 14 ቁጽሪ ገዛ 06 ዝፍለጥ ኮይኑ፡ 383 ት/ሜ ብቁጽሪ መዝገብ 45100/69209 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ መንበሪ ገዛ፡ ናብ ስም ወረስቲ ክሰጋገር ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ዓብዱልዓዚዝ መሓመድ ዓጣ

---

ብስም ለተብርሃን ሃብቱ ቀላቲ +4፡ ኣብ ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ዚፕ 1A/118 ፕሎት 7 ፓርሰል "ቢ" ጎደና 118-15 ቁጽሪ ገዛ 2-8-14 ASP00000893 ASD00002047 5 ቀንዲ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ስፍሓት መሬት 130.36 ት/ሜ መለለዪ ምዝገባ ንብረት ቁጽሪ 1 BRASM014573-1 ዝተሰነደ ንብረት፡ ብምቕሊት ስም ንምሕላፍ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ መአገዲ ትእዛዝ ብምሓዝ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ኖታዮን ካዳስተርን ክቐርብ እጸውዕ።

ለተብርሃን ሃብቱ

---

ብስም ለተብርሃን ሃብቱ ቀላቲ +4፡ ኣብ ን/ዞባ 4 ኣስመራ ዚፕ 1A/132 ፕሎት 113 ፓርሰል "ሲ" ጎደና 132-3 ቁጽሪ ገዛ 36 ASP00002644 ASD00003841 4 ቀንዲ 2 ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ስፍሓት መሬት 108.56 ት/ሜ መለለዪ ምዝገባ ንብረት ቁጽሪ 1 BRASM014575-1 ዝተሰነደ ንብረት፡ ብምቕሊት ስም ንምሕላፍ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይኑ ናይ መውዳእታ ውሳነ መአገዲ ትእዛዝ ብምሓዝ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ኖታዮን ካዳስተርን ክቐርብ እጸውዕ።

ለተብርሃን ሃብቱ

---

ናስር ጣሃ ኑርሑሴን ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ገጀረት ዝርከብ ገዛ ፕሎት 83 ASP00019379 ASD 00017917 ስፍሓት መሬት 507 ት/ሜ ብዘሐ ክፍሊ ቀንዲ 11 ተሓጋጋዚ 7 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ መዝገብ 60962/100637 ብስም ወላዲና ነ/ሄር ጣሃ ኑርሑሴን ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብውርስን ምቕሊትን ዝበጽሓና ናስር ጣሃ +6 ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ናስር ጣሃ

---

ናስር ጣሃ ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ማእከል ከተማ ዝርከብ ገዛ ፕሎት 22R ፓርሰል A ASP00026069 ASD 00023511 ስፍሓት መሬት 90 ት/ሜ ብዘሐ ክፍሊ ቀንዲ 3 ተሓጋጋዚ 1 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ መዝገብ 1;003182/2 ብስም ወላዲና ነ/ ሄር ጣሃ ኑርሑሴንን ሳልሕ መሓመድ ዝተመዝገበ፡ ንበጽሒት ኣቦና ገዛ ብውርስን ምቕሊትን ዝበጽሓና ናስር ጣሃ +15 ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ናስር ጣሃ

---

ብስም ናስር ጣሃ ኑርሑሴን ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ዝርከብ ገዛ ፕሎት E ASP00035376 ASD 00030302 ስፍሓት መሬት 205.94 ት/ሜ ብዘሐ ክፍሊ ቀንዲ 11 ተሓጋጋዚ 7 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ መዝገብ 45375/69715 ብስም ወላዲና ነ/ሄር ጣሃ ኑርሑሴን ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብውርስን ምቕሊትን ዝበጽሓና ሩማና ጣሃ +4 ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ናስር ጣሃ

---

ናስር ጣሃ ኑርሑሴን ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ኣስመራ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ዝርከብ ገዛ፡ ፕሎት 7 ፓርሰል JI ASP00052139 ASD 00047118 ስፍሓት መሬት 205.94 ት/ሜ ብዘሐ ክፍሊ ቀንዲ 4 ተሓጋጋዚ 2 ዘጠቓለለ፡ ኣብ ቤት/ጽ ካዳስተር ብቁጽሪ መዝገብ IBRASM010623 ብስም ወላዲና ነ/ሄር ጣሃ ኑርሑሴን ዝተመዝገበ ገዛ፡ ብውርስን ምቕሊትን ዝበጽሓና ሃናእ ጣሃ +2 ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት መአገዲ ወይ ናይ መውዳእታ ይግባይ ዝተበሃለሉ ውሳነ ሒዙ ኣብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ይቕረብ።

ናስር ጣሃ

---

ብስም ነ/ሄር መርየም ሰዒድ በሽሩ፡ ኣብ ምም/ ንኡስ ዞባ ኣኽርያ ጎደና 135-3 ፕሎት 14Q ፓርሰል H ስፍሓት 161.25 ት/ሜ ብቁጽሪ መለለዪ ካዳስተር 1BRASM019603 ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ ብውህበቶ ናብ ስም ተቐባሊ ህያብ ዘይነብ መሓመድ ሽሪፍ ክንመሓላለፎ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘኣዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ትእዛዝ ሒዙ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤት ጽሕፈት ካዳስተርን የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳይና ከፈጽም ምዃንና ንሕብር።

ዘይነብ መሓመድ ሽሪፍ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ሉተሶሴ ሃደለ ተወልደመድህን፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት ፍስሃየ ኣዲግ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓወሰይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/26 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባኢያ ዕዳጋ እኽሊ ይቐረብ፡፡

ዘውዲ ሓይሎም ምባል ተረፉ፡ ዘውዲ ሓየሎም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ቤትኤል ብርሃ ምሕጹን ኣዴና ህድኣት ሃብተጻዮን ኪዳ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኳንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቐረብ፡፡

ሃና ዓብደልቃደር ዓብደልሓይ ምባል ተረፉ፡ ሃናእ ዓብደልቃደር ዓብደልሓይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ 9ይ መጋባኢያ ቁ.32 ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ድባርዋ

ጆሚትራ ዮዲት ተኸለይ ገብረክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ሰለሞን ገ/ስላሴ ሻንገል ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓወሰይ፡ 3 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ዑቕባማርያም ስምኦን ዘርኡ ምባል ተረፉ፡ ፊልሞን ስምኦን ዘርኡ፡ ስም ኣደይ ቅዱሳን ኣሰፋው ብርሃ ምባል ተረፉ፡ ቅዱሳን ባሕሪጊሲ ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡
ይቐረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ወ/ሮ ነጸት ገብረእግዚኣብሄር ቦኽረ፡ ብዓል ቤተይ መንግስትኣብ ስዩም ኣርኣያ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

መንግስትኣብ ኣብርሃ ገብረመድህን ምባል ተረፉ፡ መንግስ ኣብርሃ ገብረመድህን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡
1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ሰላም ሃደለ ሃብተማርያም ምባል ተረፉ፡ ሰለሜ ሃደለ ሃብተማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን11/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ዳኒኤል ጺጋይ ሓጎስን ኣቶ ኣብርሃም ጸሃይ ሓጎስን፡ ወለድና ጺጋይ ሓጎስ ዓለምሸትን ወ/ሮ ለተየሃንስ ባርያይ ዑቕባይን ብህይወት እንከለዉ ኣብ ከተማ ከረን ዞን 01 ብመለለዩ ቁመሪት 302344/30844 ዝፍለጥ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ብመልክዕ ህያብ ዝሃቡና ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ዳኒኤል ጺጋይ ሓጎስን ኣቶ ኣብርሃም ጸሃይ ሓጎስን፡ ወለድና ጺጋይ ሓጎስ ዓለምሸትን ወ/ሮ ለተየሃንስ ባርያይ ዑቕባይን ብህይወት እንከለዉ ብዕለት 23/04/24 ብቁ/መዝ 90/25 ኣብ ቤ/ፍ ዞ/ዓ/ከረን ቀሪቦም ዝሃቡና ህያብ ኣብ ከተማ ከረን ከባቢ 03 ብቁ. ምስክር ወረቐት 300651፡ መወከሲ ቁጽሪ 301180 ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣቶ ዳኒኤል ጺጋይ ሓጎስን ኣቶ ኣብርሃም ጸሃይ ሓጎስን፡ ወለድና ጺጋይ ሓጎስ ዓለምሸትን ወ/ሮ ለተየሃንስ ባርያይ ዑቕባይን ብህይወት እንከለዉ ኣብ ከተማ ተሰነይ ዞባ ማእከረም ዝርከብ ብመለለዩ ቁ.147224/5140100 ዝተመዝገበ ኣብ ዞን 07 ቁሎታ 35A ዝተመዝገበ ብመልክዕ ህያብ ዝሃቡና ይጽደቐልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ናድያ ቃልኣብ ገብሩ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የውሃንስ ወልደኪዳን ብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምኳኑ ፍለጥ፡፡

እድሪስኑር ማሕሙድ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ እድሪስኖር መሓመድዑስማን ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ሳዕድያ መሓመድኑር ሕመድ፡ ስም ኣደይ ኣምና ምርኻብ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ በኺታ ምርኻብ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ሓሊማ መሓመድ ኣሕመድ ምባል ተረፉ፡ ሓሊማ መሓመድኣሕመድ ማሕሙድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ሙሳ መሓመድዓሊ ሓዛት ምባል ተረፉ፡ ሙሳ መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ዑመር ዑስማን ይሕሜዳ ምባል ተረፉ፡ ዑመር ዑስማን ሕሜዳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን15/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

መሓመድሳልሕ ዓብደላ መሓመድ ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ሳልሕ ዓብደላመሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ድኢት ዑቅባዩስ ተስፋዝጊ ምባል ተረፉ፡ ደሊና ዑቅባዩስ ተስፋዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሓልሓል

ማሕሙድ መሓመዳደም መሓመድ ዑመር ምባል ተረፉ፡ ማሕሙድ መሓመድዓሊ መሓመድ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

መሓመድ እድሪስ ዑስማን ምባል ተረፉ፡ እድሪስ ዑስማን ስልማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ጆምዓ ጃብር ሱሌማን ምባል ተረፉ፡ ጆምዕ ጃብር ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/6/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

መ/ድ ማሕሙድ ዑመር ዕስማን ምባል ተረፉ፡ መሓመድ ዑመር ዕስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ኣሚነ ናሽሕ ሃይለሚካኤል ምባል ተረፉ፡ ኣልኣሚን ናሽሕ ሃይለሚካኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

መዝዩ ተስፋጋብር ምባል ተረፉ፡ ትርሓስ ተስፋጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን20/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሃይኮታ

ዓሊ መሐመድ ዓሊ ምባል ተረፉ፡ መሐመድዓሊ ሐመድ መሓመድሰዒድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/06/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሻምብቆ

ወ/ሮ ለተእዝጊ ገብረክርስቶስ ገብረመድህን፡ ብዓል ቤተይ ሽመንዲ ኣሰፍሃ ከበደ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቅና ድማ ወረስቲ ምኳኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ልዋም ኣፍወርቂ ወልደኣብ ምባል ተረፉ፡ ልዋም ሽመንዲ ነጋሽ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሎት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ናቕፋ

ሑሴን መሓመድ ዓሊ ዓብደላ ምባል ተረፉ፡ ሑሴን መሓመድ ዓሊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ተመስገን ኣማኑኤል ግደይ ምባል ተረፉ፡ ኣሚር ኣማኑኤል ግደይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/26 ኣብ ቤ/ፍ ይቐረብ፡፡

ንሕና ኣመልከትቲ፡ ኣብ ን/ዞባ ኣርባዕተ ኣስመራ ምምሕዳር ከባቢ ሸካ ፍርትት ብስም 1.ዳንኤል ረዳእ ገብረስላሴ 2.ኣስቴር ንርኣዮ ዑቑባጼን ኣብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብንብረት ቁ/መዝ 9063፡ ዚፕ ኮድ 1A131 ብመለለዩ መሬት (ASP) 00053604 መለለዩ ገዛ (ASD) 00049020 ተመዝጊቡ ዝርከብ ገዛ ክልቴና ኻትና መቔልና ዋንነት ሰድ ብስምና ከውጽኣሉ ስለ ዝደለና፣ ዝ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ወረቐት ሒዙ ኣብ ቤ/ጽ/ ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቐረብ፡፡

ኣቶ ዳንኤል ረዳእ ገብረስላሴ
ወ/ሮ ኣስቴር ንርኣዮ ዑቕባጼን

## ሓራጅ

ኣብ መንን ብፍ/በ/ማሰል ወረ/ኻ የማነ ገብረማርያም ወረ/ኻ ዝፋን ጺጋይ ወልዱ ወ/ሮ ኣልማዝ የማነ ገብረማርያም፣ ብፍ/በ/ዕዳ ወረ/ኻ የማነ ገብረማርያም ወረ/ኻ ዝፋን ጺጋይ ወልዱ ኣቶ ጊላዝጊ የማነ ገብረማርያም +4 ብዝተፈጥረ ክርክር፡ እቲ ኣብ ኣስመራ ዞባ 6 ምም/ 02 ጎደና ለ ቁ/ገዛ 07 ኣብ 88 ት/ሜ ዝተደኮነ 2 ቀንዲ ክፍሊ 2 ሓገዝቲ ዝሓዘ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ተሸይጡ ብበጽሒቶም ክወስዱ ቤት ፍርዲ ስለዝኣዘዘ፡ እዚ ገዛ ብዘለዎ ኩነታት ብክኢላ ማጠቓሊ ዋጋ ናይ ሓራጅ 108,993.30 ናቕፋ (ሓደ ሚእትን ሸሞንተን ሽሕን ትሽዓተ ሚእትን ቴስዓን ሰለስተን 30%) ስለ ዝተገመተ፡ ኣብቲ ዝጀመር ሓራጅ ጨረታ ክሳተፍ ዝደሊ፡ ቅድሚ ዕለት ጨረታ ዘሎ ሓሙሽተ (05) ናይ ስራሕ መዓልታት ጀሚሩ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/62 ኣብ ዝተዳለወ ሳንዱቕ፡ ተወዳዳሪ ክበጽሖ ዝደሊ ማጠን ገንዘብ ብቁጽርን ብፊደልን ብንጹር ጽሒፉ ኣብ ፖስታ ዓሺጉ የእቱ፡፡ ኣብ ዕለት ሓራጅ ድማ 1/4 ናይ'ቲ ዝተዋህበ ግምት ብስም ፈጻሚ ፍርዲ CPO ብምስራሕ ወይ ብስሙ ዝተመዝገበ ናይ ባንክ ተጠራቓሚ ሕሳብ ሐዚ ወይ ብሕጋዊ ወኪሉ ብምቕራብ ክወዳደር ይኽእል፡፡
ዕለት ሓራጅ፡- 16/06/2026

ሰዓት 3፡00-4፡00፡- ድ/ቀትሪ
ቦታ ፡- ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቁ/27
ገዛ ክርኢ ዝደሊ፡ ኣብ ዕዳጋ ሓሙስ ጥቓ እንዳ ስላሴ ቤተክርስትያን ጥቓ ማይ ቦጥ እዩ፡፡
ተወሳኺ ሓበሬታ ክወስድ ዝደሊ፡ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ ቁ/65 ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት መጺኡ ክውከስ ይኽእል፡፡
ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ የቕርብ፡፡ መአገዲ እንተዘይኣቕሪቡ ጨረታ ደው ኣይብልን እዩ፡፡

ቤ/ጽ/ዋ/ፈ/ፍርዲ

# ስድራቤት

ዮሴፍ ሃይለማርያም

# ትርጉም ናጽነት፡ ኣብ ኤርትራዊት ስድራቤት

ሉል ተስፋይ
ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን

ቀጻልነትን ህላወን ሕብረተሰብ ምስ ቀጻልነትን ህላወን ጥሙርን ርጉእን ስድራቤት ዝተሓላለዘ እዩ። ስድራቤታት መሰረት ሕብረተሰብን ሃገርን ምዃነን ርዱእ እዩ። ኣብ ሃገርን ሕብረተሰብን ዝህሉ ኣጠቓላሊ ደረጃ ዕብየትን ርግኣትን ስድራቤታት፡ ኣብ ወሽጠን ብዝህልወን ሰላም፡ ምርድዳእ፡ ምክብባር፡ ፍቕሪ፡ ሓልዮት፡ ምጽውዋር፡ ሓብራዊ ዕላማን ይውሰን።

ስነ-ሕብረተሰብ ከም ኣገዳሲ ዓውዲ ማሕበራዊ ስነ ፍልጠት፡ ኣብ ቅርጺ፡ ኣቃውማ፡ ትርጉም፡ ኣመጻጽኣ ስድራቤት ብዙሕ መጽናዕትን ምርምራትን ዘቐደ እዩ። ብዙሓት ምሁራት ስነ ሕብረተሰብ፡ ስድራቤት ኣብ ሕብረተሰብን ሃገርን ዘለዋ ተራ ንምግላጽ፡ "እምነ ኩርናዕ" ወህደት፡ ሰላም፡ ርግኣት፡ ብልጽግና፡ ናይ ሓደ ሃገር ምዃና ይገልጹ።

ስድራቤት ከም እምነ ኩርናዕ ንዘጥቀስ ተራኣ ንምጽዋት፡ ብሉጻትን ኣፍረይትን ቁልዑን ህጻናትን ናይ ምምልማል ሓላፍነት ኣለዋ። ምፍራይ ብሉጻትን ኣፍረይትን ቁልዑን ህጻናትን ኣገዳሲ መሰረት ህንጸት ሃገር ምዃኑ ይጥቀስ። ርጉእን ሰላማውን ኩነታት ስድራቤታት፡ ነቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ተራኣን ንምጽዋት ኣዝዩ የገድስ። ኤርትራዊት ስድራቤት፡ መሰረትን ምንጭን ኤርትራዊ ክብርታትን ኩርዓትን'ያ።

ህዝቢ ኤርትራ ዝሕብሉ፡ ክብርታት፡ ባህሊ፡ ልምድታት፡ ሃገራዊ መንነት፡ መሰረቱ ኣብ ኤርትራዊት ስድራቤት እዩ። ዘሰንበ ባህሊ መንነትን ዘይተዓብረኸኩትን ህዝቢ ኤርትራ ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ዝነበረ እዩ። ንመንነትን ባህሊን ናይቲ ሕብረተሰብ ዘመልክት ሕግታት እንዳባ ካብ 13 ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ ይርከብ ነይሩ።

ስትራተጂያዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ ዘሱሓቦም ሓይልታት፡ ካብ ጥንቲ ኣትሒዞም ንኤርትራ ንምግዛእን ንምቁጽጻርን ሃቐና ኣካይዶም እዮም። ኣብ ዝተፈላለየ መድረኻት ታሪኽ ዝመጽኡ ገዛእቲ ከም ቱርካውያን፡ ግብጻውያን፡ ኢጣልያውያን፡ ብሪጣንያውያን፡ ኢትዮጵያውያን ብመንነትን ጽንዓትን ህዝቢ ኤርትራ ዝዘብደህን ኣላሽ ዝበሉን ይርከብዎም።



ጽንዓት፡ ተወፋይነት፡ ምክብባር፡ ምክእኣል፡ ጽዓተኛነት፡ ቅንዕና፡ ሓልዮት ዝኣመሰሉ ክብርታት ኣብ ምኹስኳሶን መጽእቲ ወለዶታት ድማ ከመርሖዎ ኣብ ምግባርን ጉሉሕ ተራ ኤርትራዊት ስድራቤት ኣዝዩ ልዑል ምዃኑ ምርዳእ ይከኣል። ቀጻሊ ወራራትን መግዛእትታትን ኣብ ኤርትራ፥ ካብ ዝፈጠርዎ ዝጸለዎ ጸገም፡ ምብትታን ስድራቤት እዩ።

ስድራቤት ኣብ ትብታተነሉ እዋን ዘይብቑዕ መሰርሕ ምምሕባርን ምፍራስ ቀዳማይ ትካል ምምሕብርን ዝኾነ ስድራ ስለ ዘስዕብ፡ ኣብ ምፍራይ ብቑዓት ዜጋታት ሃጓፍ የስዕብ። ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣብ ኤርትራ እግሮም ዘንበሩ ገዛእቲ ጠመተኦም፡ ናብቲ ምንጪ ህላወ ናይ ኩሉ ዝኾነት ኤርትራዊት ስድራቤት ብምግባር ብጥሜት፡ ኩናት፡ ሰደት ክትብታተን ሰሪሖም'የም።

ከም መርኣያ ናይዚ ብርክት ዝበለ ህዝቢ፥ ካብ መረበቱ ተፈናቒሉ ናብ ሰደት ከምርሕ፡ ህጻናት ብዘይ ጠዋሪ ክተርፉን ክዘኽትሙን ዓዲታት ድማ ክብድማ ተገዲደን። እዚ ዝፈጠሮ ማሕበራዊ ጸገማት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ከቢድ ስምብራት ኣኸቲሉ።

እዚ ኩሉ ኣደራዕ ዝወረዳ ኤርትራዊት ስድራ፥ ነዚ ኩሉ ሸግራት ብምብዳህ፡ ነቲ ዘሰንበ ባህሊ ጽንዓትን መኸተን ናብ መጻኢ ወለዶታት ኣብ ምሕላፍን ምዕቃብን ዝኸፈለቶ ዋጋ መዳርግቲ የብሉን። ናይዚ መርኣያ ኤርትራ ናጽን ልኡላዊትን ሃገር ኣብ ምግባር ኣብ ዝተኻየደ 30 ዓመታት ዝወሰደ ብረታዊ ቃልሲ፥ ዓቢ መስዋእትነት ብምኽፋል፥ ሃገር ናጻ ዘውጽኣን ዘውጽኡን ኤርትራውያን ተጋደልቲ፥ ወጽኢት ናይ'ዚ እዮም።

ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምዕዋት መሪሕ ተራ ዝተጻወተ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፥ ካብ ዝሸከሞም ሰውራውን ሃገራውን ክብርታት፡ ከም ጽንዓት፡ ቀራጽነት፡ ርዝነት፡ ተወፋይነት፡ ብጾይነት፡ ሓቦኛነት፡ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ንነውሕ ዝበለ ዓመታት ዝሰፈሩ እዮም። ተጋዳላይ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝሰርሖ ምሕብርን ብጾያውን መትከላት፥ መሰረቱ ኣብቲ ዝዓበየሉ ኤርትራዊ ስድራቤት ምዃኑ ከም ርዱእ ይውሰድ።



ስድራቤት ብሹፍልጡታዊ መንገዲ ክየገለጽ ከሎ፡ ንትውልድን መውሰቦን ዝተጣመሩ ሰባት ዝምስርትዎ ማሕበራዊ ኣካል ተባሂሉ ይጽዋዕ። ኣጥን ኢደን ስድራ ናይ ምምራሕ ሓላፍነት ኣብ ዝሸከምሉ እዋን፡ ንደቆም ክብርታትን ባህልን ሕብረተሰቡ ናይ ምምሃር ሓላፍነት ኣለዎም። እዚ ንምግባር ድማ ሰላማዊ፡ ህዱእ፡ ርጉእ ኩነታትን ኣከቢብን ምህላው መሰረታዊ ነገር እዩ።

ኤርትራውያን ወለዲ፡ ንደቆም ሕብረተሰባውን ሃገራውን ክብርታት ኣብ ምውራስ ብኣቡኦት ዝጥቀሱ እዮም። ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ምስ ኩሉ ብኢትዮጵያውያን ገዛእቲ ዝወርድ ዝነበረ ግፍዕን ኣደራዕን ቡቲ ዝረኸቡዎ ድሩት ግዜን ዕድላትን ንደቆም ኤርትራዊ ባህልን ክብርታትን ኣብ ምውራስ ዝተጻወትዎ እጃም ዓቢ እዩ።

ደቆም ታሪኽ ሃገሮም ክፈልጡን ሃገራዊ ስምዒት ሓዲሮም ግቡኦም ክፍጽሙ ኣብ ምድራኽን ዝነበርዎ ኣበርክቶ ኣብ ታሪኽ እናተዘከረ ዝነብር እዩ። ናይዚ መርኣያ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፥ ኣብ ታሪኽ ውሑድ መወዳድርቲ ዘለዎን ኣንጻር ኢትዮጵያውያን ገዛእትን ደገፍቶም ርእሰ ሓያላን ሃገራትን ገጢሙ ዝተዓወተ ቃልሲ ክኸውን በቒዑ።

ናጽነት ኤርትራ፥ ኣብ 1991 ብወተሃደራዊ መዳይ፥ ኣብ 1993 ድማ ብሕጋዊ ረፈረንደም ምስ ተረጋገጸ ዝበረ ሓጎስን ባህታን ኤርትራውያን ስድራቤታት፡ መርኣያ ናይቲ ንናጽነት ዝኸፈልኦ ረዚን ዋጋ እዩ። እዚ ድማ እታ ዕላማ ጸላኢቲ ብምዃን ንምብትታን ዝተፈርደት ኤርትራዊ ስድራቤት፡ ባህልን ክብርታትን ብምዕቃብ፥ ሃገር ኣብ ምምጻእ ናይ ዝተጻወተቶ ተራ መግለጺ እዩ።

ኣብ ዝሓለፉ 35 ዓመታት ናጽነት፡ ኣብ ዝበረ መድረኻት መኸተን ልምዓትን ኤርትራዊት ስድራቤት ዳግማይ ክትተኣኻኸብን ክትዓብን ሰፊሕ ዕድል ተኸፊቱላ ይርከብ። እዚ ድማ ስድራቤት ኣብ ርጉእ ኩነታት፥ ኣብ ዕብየትን ስልጣነን ሃገር ክጻወቶ ንዘኽእል ተራ ኣብ ምዝያድ ዓቢ ተራ ኣለዎ።

ክብርታት ከም መወከሲን መማእዘንን ማሕበራዊ ስነ ምግባር ኣብ ሕብረተሰብ ዘለዎ ኣበርክቶ ጉሉሕ እዩ። ብሉጽ መስርሕ ምምሕባር፡ ናብ መጻኢ ወለዶታት ባህልን ክብርታትን ኣብ ምትሕልላፍ ኣገዳሲ መስርሕ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ናጽነት፡ ሃገር ኣብ ምዕቃብን ምልማዕን ወሳኒ ግደ ዝተጻወተ ኤርትራዊ መንእሰይ፥ ሓርበኛን ኣፍራይን ንክኸውን ካብ ዘኽእሎ ብዙሕ ረቛሒታት ሓደ፡ ኣብ ስልጡን ስድራቤት ብምዕባዩ ምዃኑ ኣየማትእን። ስለዚ ህላወ ጥሙር ስድራቤት ኣዝዩ ኣገዳሲ ነገር እዩ።

ዓውለማዊ ዘመናውነትን ዝፈጥርዎ ካብ ዘለዉ ዓበይቲ ሓደጋታት፡ ምምህማን ተራ ስድራ ቤት ኣብ ሃገርን ሕብረተሰብን እዩ። ስድራቤት ኣገዳሲ ማሕበራዊ ኣካል ከም ምዃን ዝበሮ ተራ ኣብ ዘመናዊ ሕብረተሰብ ዓለም እናጎደለ ኣብ ምምጻእ ይርከብ። ውልቃውነት፡ ስስዐ፡ ፍትወት ነገራውነት፡ ትዕቢት፡ ኣንነት፡ ምጉዳል ክብርታት፡ ምፍርኻሽ ባህሊ፡ ኣብ ብዙሓት ህዝብታት ዓለም ከቢድ ጸገም ኣብ ምፍጣር ይርከቡ።

እዚ ድማ ሕብረተሰብት ኣንፈቶም ከጥፍኡን ቀጻልነቶም ኣብ ምልክት ሕቶ ክኣቱን ይገብር ኣሎ። እዚ ተርእዮ ኣብ ሃገርና፡ ኣብ ኣሰካፊ ደረጃ ኣሎ ክበሃል ኣይከኣልን። ሕብረተሰብ ኤርትራ፥ መባቆላዊ ባህሉን ክብርታቱን ዓቂቡ ኣብ ምኻድ ዝርከብ ህዝቢ እዩ። ተራን ኣገዳስነትን ስድራቤት'ውን ገና ኣገዳስነቱ ዓቂቡ ኣብ ምቕጻል ይርከብ።

ኣብዚ እንነብሮ ዘለና እዋን ዓለም ከም ቁሸት እናጸበበትን እናተጸላለወትን ትኸደሉ ዘላ መድረኽ እዩ። በዚ መሰረት ካብ ግዳም ዝመጽኡ ኣሉታውያን ልምድታትን ባህልን ንመባቆላዊ ክብርታትና ክጽልውን ክብርዙን ዓቢ ተኽእሎ ኣሎ። ስለዚ እታ ኣንጻር ኩሉ መሰናኽላት ገጢማ ዝተዓወተት ኤርትራዊት ስድራቤት፡ ካብ መድረኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ጀሚራ ክሳብ ዘለናዮ ዘመን ናጽነት፡ ዝበራን ዘለዋን ሰማይ ጠቀስ ተራን ኣበርክቶን ዓቂባ ንኸትቅይድን ክትሰጉምን ናይ ኩልና ተራ ወሳኒ ስለዝኾነ ቀጻሊ ክንሰርሓሉ የድሊ።




ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገለ ብዛዕባ ድፋዓት ናቕፋ

ዘለናዮ ቅንያት፡ መበል 35 ዓመት ናጽነት ንምጽንባል ንቀራረበሉ ዘለና እዩ። በዓል ናጽነት እንክብጽንብል ምስኡ ዝተኣሳሰር ማእለያ ዘይብሉ ኣርእስታት ክለዓል ግቡእ እዩ። ገለ ካብኡ ምስ ገድላዊ ቃልስና ዝኺዳ ምትእስሳር ዘለዎም ታሪኻውያን ቦታታትን ድፋዓትን ክኾኑ ይኽእሉ። ካብዚ ቀጺልና፡ ብዛዕባ ኣሰማት ድፋዓት ናቕፋ ነቕርበልኩም።

ኣብ እዋን ስትራተጂካዊ ምዝላቕ፡ ኤርትራ ብእልቢ ዘይብሉ ዘመናዊ ኣጽዋራት ዝዓጠቐ ሰራዊትን ናይ ደገ ወተሃደራውያን ኣማኸርትን ዕልቕልቕ በለት። ብኹሉ ሸነኻት ድማ፡ ወተሃደራዊ ምንቅስቓስ ቀጸለ። ቋሕ ኢልካ ሰም ኢልካ ሕጹጽ ዝበላ ነፈርትን ሻሕሻሕታ ታንክታትን ጥራይ ድማ ኮነት።

እተን ብርሃን ሓርነት ርእየን ዝበራ ገለ ከተማታት ሃገርና ዳግማይ ኣብ ኢድ ጸላኢ ኣተዋ። ናቕፋ ከኣ ካብ ኩለን ከተማታት እታ እንኮ ዝሓለፈቶ ጸላም ግዜ ክምለሳ ፍቓድ ዘየርኣየት ኮነት። ዑቕባ፡ ተረርን ምስ ራህዋን ጸገምን ዘይለዋወጥን ምኳኑ ዝኣመነ ተጋዳላይ'ውን ንጸላኢኡ እናወገአን እናኣዳኸመን ናብ'ቶም ክም ግድዕ ኣዱ ዝፈልጦም ኸባታት ከበቢ ናቕፋ፡ ኣብ ከበቢ



ታሕሳስ 1978 ተመልሰ። ናቕፋ፡ ስልማታን ግርማኣን እናቐነጠጠት ንዕኡ ደው ከተብል፡ ተጋዳላይ ድማ ርሃጹ፡ ኣካላቱን ህይወቱን ወፍዩ ኣሕሊፉ ከይህባ ኪዳን ተኣታተወ። ንዚዩዳ 10 ዓመት ኣብ እምባታት ከበቢ ናቕፋ ወቕያኖስ ዝሰገረ ዝናን ስምን ክትረፉ ከኣለ።

ኣብዚ ዝርዝር ኣሶማት ገለ ድፋዓት ናቕፋ መጠቢሱ ዝጠቕስ ጽሑፍ፡ ዝጠዘሉ ካብቶም ታባታት ድፋዓት ናቕፋ፡ ህዝቢ ዝህቦም ስያመ፡ 'እዚ'፡ ተጋደልቲ ዝሀብዎ ስያመ ኸኣ፡ 'እዚ' ኢልካ ክትገልጽ ኣየኽእልን እዩ። ምኽንያቱ ድፋዓት ናቕፋ ግዜ ገድሊ ብወተሃደራዊ ዓይኒ ተጠሚቱ ብመትረቡት (ካርለ) ዝተተሓሓዘ እዩ። ኣብ ርእሲኡ፡ ሓደ ቦታ ብዘለዎ ኣቀማምጣ ፊት-ንፈታ ዝዋረደ ጸላኢ ምስ ዝህልዎን ተጠቃዒ ምስ ዝኾውንን ብተጋደልቲ ዝወሃቦ መጸውዒ ንዕኡ ዘንጸባርቕ ይኸውን። ነዊሕ ከይከደካ ግን፡ ኣቀማምጣ ናይቲ ሓደ ቦታ፡ ብኩሊት ጸዳፍን ዘይተወቃዕን ምስ ዝኸውን ማለት እቲ ቦታ ካብ ተዋጋኢ፡ ስለያን ካልእ ስልኳታትን ጥራይ ምክትታል ዝሓትት ምስ ዝኸውን ንዕኡ ዝኣምን ስም ይወሃቦ። ስለዚ ኣብዚ መዳይ፡ ኣብ ሓንቲ ታባ ክልተ



እምባ ደንደን ምስ ዋንጫ

ኣሶማት ክትረኽብ ትኽእል። ብኣንጻሩ፡ ኣሶማት ዓበይቲን ፍሉያትን ከበቢታት ብዘበርቲ ናይ ከበኦም ዝወጸም ስም ክም መጠሲ ሒዝኩ፡ ካብኣ ምስ ወረደካ ዘላ ዕርዲ ወይ ከርባ እናበልካ ኣጠቓሊልካ ምጽዋዕን ምሕባርን እውን ደርኡ እዩ።

ግንባር ናቕፋ ነዊሕ ስፍሓት ዝዓምም ዓበይቲ እምባታት፡ ንኣሽቱ ኩረቢትን ለጥላጥ ኣቃውማን ዘለዎ ሸንጭሮታትን ሩባታትን'ውን ዘጠቓለለ ቦታ እዩ። እዚ ኣብ እዋን ገድሊ ንናጽነትና ዝተዋህቦ ወይ ምስ ባህሪ ኣደኳኹንኡ ዝወጸ ጠበናም ዓይነት ኣሶማት ኣለዎ። ገለኡ ኣሶማት ኣብዚ እዋን'ዚ ክም ቀንዲ መጸውዓያም ኮይኑ ዝቕጽል ዘሎ ድማ፡ ምስቲ በብእዋኑ ኣብቲ ቦታ ዝተፈጸሙ ቅያታት ኩናት ዝተኣሳሰረ እዩ።

ግንባር ናቕፋ፡ ምስቲ ዘለዎ ስፍሓትን ምስቲ ኣሃዱታት እናተቐያየራ ዝሕዝኦ ምንባርንን ጉሉ-ገለ ዝለዋወጥ ኣሶማት ክነብሮ ግድን እዩ። እዚ ድማ፡ ንኹሉ ብስሩዕን ብዝርዝርን ምቕራብ ዝከኣል ኣይገብሮን። ብዝተኻእለ መጠን ግን፡ ኑቶም ፍሉጣትን ዝቀራረቡን ቦታታት መጥዓብቲ ኩናት ኣሶማቶም ጥራይ ዘይኮነ፡ ምኽንያት ኣወጻጽኣ ኣሶማቶም ካብ ተቓማጦ ናይ'ቲ ከባቢን ኣብ'ቲ ግንባር ንዓመታት ዝዋረዱ ተጋደልትን ክእከብ ዝተኻእለ ኣሶማት ገለ ውሑዳት ድፋዓት ናቕፋ ክንዝምልከት ኢና።

## እምባ ደንደን

እምባ ደንደን ተጋዳላይ ንኣስታት 10 ዓመት ብቐዋምነት ካብ ዝዋረደሎም ድፋዓት ናቕፋ ሓደ'ዩ። እምባ ደንደን ምስ ታሪኻዊ ኣበርክቶኡ ኣብ ገድሊ ኤርትራ ኣተኣሳሰርካ ዝገልጽ ዓሚቕ ዛንታ ካብ ዝሓቑፉ ድማ'ዩ። 1969 ሜትሮ ካብ ጽፍሒ ባሕሪ ብራኽ ዘለዎ እምባ ደንደን፡ ኣብ ዝቡኡ ኳንኳ ንኣዝዩ ርሑቕ ከበቢታት ከተማዕዱ ኮሳ ክትቈጻጸር ዕድል ዝሁብ በርኽን ግዙኣን ቦታ እዩ። ኣውሊዕ፡ ተዛሰስን ካልኦት መብቈላውያን ኣግራብን ዝበቝልዎ እዚ እምቢ ስሙ ብተጋደልቲ ከሳ ተቐማጦ ናይ'ቲ ከበበን ሓደ ኮይኑ 'ደንደን' ዝበል እዩ። እምባ ደንደን ዝለዎ ዓበይቲ ደናገላን ብዩትታትን ንሓድሕዶም ዝተሓናኹ ተረርቲ ኣእማንን ተዓዚቡ፡ ምስ መጸውዒኡ ቀጥታዊ ምትእስሳር ከም ዘለዎ ድማ ይንገር።

'ደንደን' ብቛንቋ ትግራይት፡ መቓልሕ ዝመልስ ዘጕረምርም ደሃይ ማለት እዩ። ደንደን ቦታ ኩናት ቅድሚ ምኳኑ ብቐለሉ ዝድፈር ቦታ ኣይነበረን፤ እኳ ደኣ ሕፋር እምባ እዩ ነይሩ። ከምኡ ዝኾነሉ ምኽንያት ከኣ፡ ዝሕንሕን ደምጺ ኣንበሳ ዝጥዕም ምጉርምራም ይፍለዮ ስለ ዘይነበረ'ዩ። እምባ ደንደን ከምዚ ሕጂ ብኩናትን ኣራግጽን ገሪቡ በረሱ፡ እንስሳታት ዘጉዳም ጸሓዩም

ዘለዉሉ እዋን ኣይነበረን። ብስሪ ኩናት ኸዚ ሕጂ ዘለዎ ደረጃ ቅድሚ ምሓዙ ቀዳሞት ዝፈልጥዎ ከዘንትዉ እንከለዉ፡ ደምጺ ርጋጽ እግሪ መቓልሕ ብምምላስ ዘፍርሕ ወይ ኑበሰኻ ግጉጡብ ዝበል ሓያል ማዕበል ዝፈጥር ዘይድፈር እምባ ምንባሩ'ዩ። እምባ ደንደን ከም ቀዋሚ ድፋዕ ብተጋደልቲ ህዝባዊ ግንባር ካብ ዝምረጽ፡ ጸላኢ እናበዛን ግን ከኣ ክርግጹ ዘይብቕዐ እምባ ጸንዓትን መኽተን እምባ ማሰዋእትን ዓወትን ምኳኑ ይፍለጥ።

## ላጃን

ላጃን ብቛንቋ ዓረብ፡ 'ሰደት ወይ ዕቑባ' እዩ ዘስምዕ። ካብ ደንደን ንጸማን ዝርከብ ተረተር ቦታ ድማ'ዩ። እዚ እምባ ዋላኳ ኣብ ቀዳማይ መስመር ናይ ኩናት ዝርከብ ቦታ እንተኾነ፡ ኣጥቃዒ ሓይሊ (ጸላኢ) ንዕኡ ተቘጻጺሩ ኣብ ትሕቲ ዓበይቲ ገቦታት ብምኳኑ ብመንበስበስታኡ ስለ ዝውቃዕ ኣብ ኣተሓሕዛኡ ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ የልቦን። ስለዚ፡ ኣብ ካልእ ርእሱን ድፋዓት ተጸማደን ዝቖየ፡ ሓይሊ ሰጠን ብምኽንያት መውጋእትን መስዋእትን ዝተናኸማ ጋንታታት ኣሃዱታት ወገን ንሓወሲ ዕረፍቲ ዝዋርዳሉ (ዝዕቈቦሉ) ድፋዕ ብምዃኑ ድማ፡ ብተጋደልቲ 'ላጃን' ዝበል ስም ከምዝተዋህቦ ይግለጽ።

## ዋንጫ


ዋንጫ፡ ንሰሜን ወገን እምባ ደንደን ተገምጢጡዎ ዝርከብ እምባ እዩ። ዋንጫ ወላኳ ተወቃዕን ተማዕዳውን እምባ እንተኾነ፡ ከምቶም ብጣማ ኢድ ዝተቐላለጡ ድፋዓት ናቕፋ ግን ኣይኮነን። ዋንጫ፡ ዝበል ስያመ ብቐጥታ ካብ ዘለዎ ተፈጥሮኣዊ ኣቃውማኡ ዝበገሰ እዩ። እዚ እምባ'ዚ፡ ብማዕዶ ዝተገልበጠት ዋንጫ (መለሊኽ) እዩ ዝመስል። ነዚ ዝተዓዘቡ ተጋደልቲ ድማ፡ ዋንጫ ዝበል ስም ሃቦሞ። ዋንጫ ከም እምባ ደንደን ከኣዕን ካብ ርሑቕ ዝምዕዶን ቦታ ድማ እዩ።

## ቮሊቦል

ቦሊቦል፡ በርኽ ቦታ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ኣደኳኹናኡ ንጉልጉል ናሮ ከተማዕዱ ምቹእን ግዙኣን ቦታ እዩ። ሓይሊ ጸላኢ ለገቡ ዓሪዱሉ ዝበረ ቮሊቦል፡ ኣብ መንጎ ጸላኢን ተጋደልትን ንእሽቶ ጥጥሕቲ

ጉልጉል ጥራይ'ያ ነይራ። ኣብ ድፋዕ ቮሊቦል፡ ብረት ኣቐሚጥካ ካብ ክትትከስ ብጣማ ኢድ ክትደራግም ይቐልል። እዚ ዝምረጸሉ ኸኣ ብዙሕ ምኽንያታት ምጥቃስ ይከኣል። ገለ ካብኡ፡ መዘዙብ (ዕርዲ) ጸላእን ወገንን ኣዝዩ ዝተቐራረበን ክትቈጻጸር ርእሰኻ ክተውጽእ ዕድል ዝሁብ ኣይነበረን። እቲ ምኽንያት ከምኡ ስለ ዝበረ ድማ ብጣማ ኢድ ክትደራብ ዝቐለለ ይጉብሮ ነበረ። ኣብ ሻድሻይ ወራር፡ ኣብዚ ቦታ'ዚ ምድርባይ ቦጣባ ኢድ እንኳን ሃጥን ዘየዕርፍ ስለ ዝበረ፡ ተጋደልቲ ንሓድሕዶም እናተዋዘዩ "እዚ ውግእ ዘይኮነ፡ ጸወታ ቦጣባ ቮሊቦል'ዩ" ብምባል ከም ዝሰየምዎ ይግለጽ።

ኣብ እዋን ብረታዊ ቃልሲ፡ ብዙሓት ተጋደልቲ፡ ካብ ጸላኢ ዝውርወረሎም ዝበረ ቦጣባ ኢድ፡ ቃዕ ኢላ ቅድሚ ምፍጃራ



ብልዑል ቅልጣፈ (ፍጥነት) ኣልዒሎም ናብ ዝመጸቶ ዝመልሰሉ ኣጋጣሚ ነይሩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ክጥቀሙ ቦጣባ ኣብ ኢዶም ተፈጂራ ህይወቶም ዝሰኣኑ ጀጋኑ ምህላዎም ይሕበር። ድፋዕ ቮሊቦል ኣብ ዝለዓለ፡ ከይተዘበረት ክትተርፍ ዘይብላ ኣብቲ ቦታ ኣብ መንጎ ጸላእን ወገንን ሓንቲ ዓባይ ከውሒ ኣላ፡ ኣዚ ከውሒ ከወሊ ተጠቒሞም ክልቲኦም ተጻረርቲ ቦጣባ ይደራረቡ ነበሩ። ገለ ሰባት ቮሊቦል ዝበል ስም ናይቲ ቦታ ካብዚ ክጥቀስ ዝሓለ ምኽንያት ማለት ምቕብባል ቦጣባ ኢድ ክልቲኦም ተጻረርቲ መሰረት ገይሩ ዝወጸኦ ገይሮም ዝገልጽዎ ኣለዉ።

## ግሎብ

ግሎብ፡ ከም ካልኦት ድፋዓት ናቕፋ ፊት-ንፈት ዓሪድካ ክትታኸሰሉ ዘየኽእል ዕርዲ እዩ። ከምኡ ክትገብር እንተ ፈቲንካ ብኹሊትካን ብድሕሪኻን ንመጥቃዕቲ ጸላኢ ዝተቓላዕካ ይገብረካ። ስለዚ፡ ብዙርያ ኣኽቢብካ ከተዛዙብ ትግደድ። እዚ ቦታ ግሎብ ዝበል ስም ዝተዋህቦሉ ምኽንያት፡ ቅርጺ ዓለም ስለ ዘመስል ንዕኡ ንምግላጽ ዝተዋህቦ እዩ። ይኹን'ምበር፡ ንኣቃውማኡ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣተሓሕዛ ተገይሩሉ፡ ጸላኢ ክሰግሮ ዘይከኣለ ኣብ መዘዙብ ዕርዲ

ጸንዓት ስሙ ብድምቀት ዝሰፈረ ድፋዕ ክኸውን ክኢሉ እዩ።

## ፌደል ፐ

ፌደል ፐ፡ ሩባ ሕዳይ ወዳእካ ንናቕፋ ኣብ ዘቖልቅል በርኽ መንገዲ መኪና ዘሎ ድፋዕ እዩ። እዚ ድፋዕ'ዚ፡ ጸርጊያ ንምዕጻውን ንዕኡ ንምሕላውን ዘኽእል ቀንዲን ግዙኣን ቦታ ኮይኑ፡ ቅርጺ ኣተሓሕዛኡ ንፌደል ፐ እዩ ዝመስል። ካብዚ ትዕዝብቲ ዝበገሰ ፌደል ፐ ዝበል ስም ከም ዝተዋህቦ ድማ ይግለጽ።

## መርከብና

መርከብና፡ ካብ ከበቢኡ ብርኽ ኢሉ ዝርአ ቦታ'ዩ። ጸላኢ'ን ምንቅስቓሱን ክከታተል ዝተመዘዘ ዋርድያ ወገን፡ ኣብቲ በርኽ ክፋል ናይዚ ቦታ ኮፍ ምስ በለ ዝፈጥሮ ቅርጺ ንሓንቲ መልሕቓ ሰዲዳ ደው ዝበለት መርከብ ዘዘኻኽር'ዩ። በዚ ኸኣ ዕርዲ መርከብና፡ ጸላኢ ንምርጋጽ ዝተቐረበት መርከብ ስለ ዝመስል፡ ምስ ቅርጹ ዝመሳሰል መርከብ ዝበል ስም ተዋሂቡዎ።

## ተኣማመን (እንዳ ዱባለ)

ታባ ተኣማመን፡ ጸላኢ ከጥቕዓሉ ዝኽእሉ ሸነኻት፡ ይትረፍ ገዚፍ ወተሃደራዊ ጫማ ወዲ'ኳ፡ ዕጥቅን ስንቅን'ኻን ተሰኪምካ፡ ጥራይ ኢድካ'ውን ክትሓኽር ዘይከኣል ጸዳፍን ጸኑዕን ቦታ እዩ። ኣብ ግዜ ቃልሲ ኣብቲ ቦታ'ቲ፡ ኣብ መንጎ ድፋዕ ጸላኢን ወገንን ዝበረ ርሕቀት ካብ 50 ሜትሮ ክሳብ 303 ሜትሮ ዘይሓልፍ ርሕቀት ዝበሮ ኣዝዩ ተቐራረቢ'ዩ ነይሩ። ዝርግሐ ናይቲ ድፋዕ፡ ካብ እንዳ ሰጋ ንጸማን ዝርከበን ንጼጋማይን ማእከላይን ክንፍታት ናይ'ቲ ግንባር ኣጉዳሲ መላግቦ'ዩ። በዚ ምኽንያት ኣብቲ ቦታ ዝዋረዳ ሰራዊት ጸላኢ፡ ወትሩ ቅሳነት ኣብ ዘይብሎ ቀጻሊ ስግኣት ስለ ዝበረ ድማ፡ ኣሃዱታት ስለያ ብምውፋር ብጥብቂ ክከታተሎ ይጽዕር ነበረ። ብኣንጻር ናይዚ ኣብኣ ዝዋረዳ ኣሃዱ ወገን ግን፡ ተዛማዲ ቅሳነትን ተኣማማኒ ክዋጋእ ዝኽእልን ስለ ዝበረ፡ ካብዚ ዝበገሰ እቲ ቦታ ካብ 1979 ኣትሒዙ ታባ ተኣማመን ብዝበል ስም ክጽዋዕ ጀሚሩ።

ታባ ተኣማመን እንዳ ዱባለ ተባሂሉ'ውን ይፍለጥ እዩ። እዚ ካልኣይ ስም ዝተዋህቦሉ ምኽንያት ሓደ፡ ኣብ ውግእ ሶማል ዝና ዘትረፈ ተባሂሉ ዝጥቀስ ኣሃዱ ስለያ ጸላኢ፡ ናብ'ቲ ቦታ'ቲ መጺ'ሞ፡ ዕማም ስለያዊ ንጥፈታቱ ንምስልሳል ኣብቲ ጸዳፍ ገጽታ ናይ'ቲ ድፋዕ ተጸግዐ። እዚ ዝፈለጣ ኣሃዱታት ህዝባዊ ሰራዊት ጸቢብዎ ከሎ ሕኑቕ ኢለን ናብቲ ጸድፊ ጠያይቲ ኣዘንብ'ሞ፡ 'ዱባለ' ዝተባህለ ኣባል ስለያ ኣሃዱ ናይ ጸላኢ ተወጊኡ ተረፈ። ብህይወቶም ክምልጡ ዝኸኣሉ ብጾቱ ምልእቲ ለይቲ፡ "ዱባለ!" ክብሉ ሓደሩ። መሬት ምስ በርሀ ሬሳ ዱባለ ተጉዚቱ ብማዕዶ ምስ ረኣዩ ጻውዒቶም ኣቋረጹ። ካብዚ ግዜ'ዚ ንደሓር ታባ ዱባለ ዝበል ስያመ ተዋሂብዎ ዝበሉ ተጋደልቲ ኣለዉ።



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሄኖክ፡ ካልኣይ ኣትዩ



ተቐዳዳማይ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ሎሚ ረቡዕ ኣብ ራብዓይ መድረኽ ዙር ኣዘርባጃን፡ ካልኣይ ብምእታው መድረኽ ደየቡ።

መራሒት ጉጅለ፡ ነዚ 152.8 ከሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር፡ ብ3 ሰዓት፡ 11 ደቒቕን 46 ካልኢትን ዛዚሞቶ። ተቐዳደምቲ ተኣኪቦም ኣብ ዝበጽሑዎ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ፡ ኣባል ክለብ ባርዲያኒ - ማርኮ ማዘንቲ ቀዳማይ ኣትዩ። ሄኖክ፡ ብጸቢብ ፍልልይ ካልኣይ ደረጃ ሒዙ።

ሄኖክ፡ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር፡ ካብ መራሒ ዘሎ ወዲ ጋንታኡ የቭኪይ ፈዶሮቭ፡ ሸሞንተ ካልኢት ድሒሩ ሳልሳይ ተቐሚጡ ኣሎ።

ኣብ ናይ ሾኣ (Sprint) ማልያ ማርኮ ብ62 ነጥቢ ለቢሱዋ ኣሎ። ሄኖክ፡ 47 ነጥቢ ኣዋህሊሉ ካብ መበል 11 ናብ ሓሙሻይ ሓኺሩ ኣሎ። ብናይ ጋንታ ውድድር፡ ኣስታና ትመርሖ ኣላ፣ ባርዲያኒ ትሸዓተ ካልኢት ድሒራ ትስዕብ።

እዚ ውድድር፡ ጽባሕ ሓሙሻይ መድረኽ ብምስልሳል ክቕጽል እዩ። 181.5 ከሎሜተር ድማ ክሸፍን እዩ። ጽቡቕ ዕድል ንሄኖክ!

## ከረን - ቅድድም ብሽክለታ ቀጺሉ



ብምኽንያት መበል 35 ዓመት ናጽነት ዝቕፀል ዘሎ ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን፡ ሰንበት 10 ግንቦት ንኻልኣይ ሰሙኑ ቀጺሉ።

ኣብዚ ዕለት፡ ተቐዳደምቲ፡ ሓሙስ 7 ግንቦት ኣብ ልምምድ እንከሎ ብሓደጋ መኪና ብዝሞተ ንዝተፈለዮም ተቐዳዳማይ እሰይ ከሰተ ፍስሃጼን ንሓደ ደቒቕ ናይ ሕልና ዝኽሪ ብምግባር ውድድሮም ኣካይዶም።

በዚ መሰረት፡ 29.4 ከሎሜተር ካብ ዝተሰርዓለን ደቂ ኣንስትዮ፡ ተቐዳደምቲ ጋንታ ሻሉኺ ደሊና ዳዊት፡ ሰዶና መርሃዊን ሃረርታ ዓንደብርሃንን ተመራሪሐን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ኣትየን።

ኣብ ማውንተይን ምድብ ‘ሐ’ ደቂ ተባዕትዮ፡ ተቐዳደምቲ ገዛ ጥኑዳ ኣሕመድ ያሲንን ፍናን ዘርኣይን፡ እናተበራረዩ ንመወዳደርቶም ብዙርያ ብምግላፍ፡ ተኸታቲሎም ተዓዊቶም። እዞም ዲቪዥንውን፡ 29.4 ከሎሜተር እዮም ሸፊኖም።

ኣብ ምድብ ‘ለ’፡ 84 ከሎሜተር ተሰሪዑሎም። ኣቤል ታደሰ ካብ ጋንታ ሻሉቱ ድማ፡ ንሓሰን ዓብደልሓሚድን ያሰር መሓመድዑመርን ካብ ጋንታ መጕዓዝያ ኣኸቲሉ ቀዳማይ ኣትዩ።

100.8 ከሎሜተር ኣብ ዝተሰርዓሎም ምድብ ‘ሀ’፡ ኣማን ነጋሽ - ሻሉቱ፡ ተማስገን ተወለ - ሬድ ሲ፡ ነቢል ኣደም - ገዛባንዳ ተመራሪሖም ኣትዮም።

ብዘይካ'ዚ፡ ተቐዳደምቲ ዳ ኮርሱ 117.7 ከሎሜተር ሸፊኖም። ብውልቁ ዝተቐዳደመ የናታን እድሪሱ፡ ናትናኤል ኪዳንን የናታን ወልዳይን ካብ ሻሉቱ፡ ተመራሪሖም ክሳብ ሳልሳይ ኣትዮም። የናታን ወልዳይ ከኣ፡ ብለጽ ተቐዳዳማይ ናይቲ ዕለት (Best rider of the day) ተባሂሉ።


እዚ ውድድር፡ ሰንበት 17 ግንቦት ብናይ ጸርግያ (ቸርኪቶ) ክዛዘም ምኳኑ፡ ህዝባዊ ርክባት ፌደረሽን ቅድድም ብሽክለታ ከተማ ከረን ሓቢሩ።

## ካሲሚሮ፡ ብዛዕባ ሮናልዶ . . .

ኣከፋፋሊ ማን ዩናይትድ - ካሲሚሮ፡ “ንሱ፡ ዝበለጸ እዩ። ካብ ካልእ ዓለም ዝመጸ እዩ” ክብል፡ ንክርስቲያኖ ሮናልዶ ኣድኒቑዎ።

ካሲሚሮ፡ ኣብ ናይ ቅድም ክለቡ ሪያል ማድሪድ፡ ምስ ሮናልዶ ንሓሙሽተ ዓመታት ብሓደ ተጻዊቶን ዓቢይቲ ዓወታት ኣስተማቒሮን።

እዚ ወዲ 34 ዓመት ብራዚላዊ ምስ ሪዮ ፈርዲናንድ ኣብ ዘበሮ ጻንሒት፡ “ንዓይ፡ ሮናልዶ፡ ናይ ኩሉ ሰብ ኣቦት እዩ። ዝሰርሓሉ ኣገባብ፡ ኑብሱ ዝከናኸነሉ መገድን ካልእን ፍሉይ እዩ። ወትሩ ዝበለጸ ንኽኸውን እዩ ዝደሊ፣ ወላ'ውን ድሕሪ ኩሉ ነገር ምዕዋቱ። ንሱ፡ መራሒ እዩ - ብዙሕ ምዝራብ'ውን ኣየድልዮን። ኣብ ሪያል ማድሪድ፡ ኣብ ልምምድን ጸወታን ንኩልና የበራትዓና ነይሩ። ብኸምኡ እዩ ድማ ንዊሕ ዓመታት ኣብ ዝለዓለ ደረጃ ተቐሚጡ። ናይ ፕሮፈሽናል ጉዕዞኡ ንምእማኑ ዘጸግም እዩ። በቃ ክርስቲያኖ፡ ብሉጽ እዩ። ንሱ ካብ ካልእ ዓለም ዝመጸ እዩ። ካብ ክትዕ ኣውጽእዎ።” ክብል ቃላት ከየብቆቐ ወዲስዎ።







ካሲሚሮ፡ ኣብ ክረምቲ 2022 ካብ ሪያል ማድሪድ ናብዚ እንግሊዛዊት ክለብ ብ70 ሚልዮን ፓውንድ ተጸምቢሩ። ምስ ምዝዛም'ዚ ወቕቲ ውዕሉ ወዲኡ ድማ፡ ክፋና ምኳኑ ኣቐዲሙ ወግዓዊ ገይሩ እዩ።

## ካሪክ፡ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ማን ዩናይትድ . . .

ሳዕለዎት ሓለፍቲ (ፈጸምቲ) ማንቸስተር ዩናይትድ፡ ሚካኤል ካሪክ፡ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ናይታ ክለብ ንክኸውን፡ ሓሳቦም ናብ ወናኒኣ ሰር ጂም ራትክሊፍ ከቕርቡ ምኳኖም ተገሊጹ።

ካሪክ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ዓሎሚ ናይዛ ጋንታ ዝነበረ ሩበን ኣሞሪም ካብ መዝነቱ ምስ ተባረረ፡ ብጊዜያውነት ንዛ ክለብ ከምዝሓዛ ይፍለጥ። እዚ እንግሊዛዊ ናይ ቅድም ተጻዋታይ ናይዛ ጋንታ፡ ካብ 15 ግጥማት ኣብ 10 ክዕወት እንከሎ፡ ክልተ ጥራይ ተሳዒሩ፡ ኣብ ሰለስተ ማዕረ ወጺኡ።

በዚ ድማ ዩናይትድ፡ 13 ጥሪ ብኻሪክ ክትዕለም ካብ እትጀምር፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ 33 ነጥቢ ኣኪባ - ልዕሊ ዝኾነት ክለብ። ኣብ ቅልውላው ንዘጸንሓቶ ክለብን ተጻወትታን ኣበራቢሩ ድማ፡ ንዓመታት ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘሳትፋ ደረጃ ሒዛ ክትውድእ ኣኽኢሉዋ።

ንቀዳሞት መራሕቲ ኣርሰናልን ማን ሲቲን ኣኪታቲሉ ዝሰዓረን ካሪክ፡ ኮታ ሻምፕዮንስ ሊግ ንምርካብ ዝቃለሳ ንዝነበራ ሊቨርፑል፡ ቸልሲን ኣስቶን ቪላን'ውን ኣንበርኪኹወን እዩ። ብሓፈሻ ዕወት ግዜ ምሕላፉ ይትንተን።

ከም ወጽኢቱ፡ ሳዕለዎት ፈጸምቲ ኣካል ናይዛ ክለብ፡ ነዚ ቦታ ብቀዋሚ ክሕዞ ዓቕሚ ከምዘለዎን እቲ ትኽክለኛ ዓሎሚ ምኳኑን ብምእማን፡ ንወናኒ ራትክሊፍ ውሳኔኦም ኣብዘ ሰሙን ክቐርቦ እዮም - ብመሰረት ጋዜጣ ዘ ኣትሌቲክ።

ዩናይትድ፡ ሰንበት 17 ግንቦት ንኖቲንግሃም ኣብ ሜዳኣ ዓዲማ ናይ ሊግ ጸወታኣ ድሕሪ ምስልሳላ፡ 24 ግንቦት ናብ ብራይተን ገይሻ፡ ናይ ዓመተ ስፖርት 2025-26 ግጥሚታ ክትዛዝም እያ።



## ኣል ነስር፡ ሻምፕዮን ካብ ምኻን ተገቲኣ

ኣል ነስር፡ ሻምፕዮን ሻምፕዮን ሊግ ስዑዲ ዓረብ ካብ ምኳን ተገቲኣ - ድሕሪኣ ኣብ መበል 97 ደቒቕ ዝተመዝገበት ሽቶ።

እዛ ነዚ ሊግ ትመርሖ ዘላ ክለብ፡ ረቡዕ ምሸት ነታ ድሕሪኣ ትስዕብ ዘላ ቀንዲ መተሃላለኺታን ኣል ሂላል ዓዲማ ተጻዊታ። ኣብ መበል 37 ደቒቕ ብመገዲ መሓመድ ሲማካን ብዘመዝገበታ ሽቶ ድማ፡ ክሳብ ናይ መዛዘሚ ደቓይቕ መራሓ ነይራ።

ይኹን እምበር፡ ኣብ ተወሳኺ ግዜ (90+9 ደቒቕ)፡ ሓላዊ ልዳት በንቶ፡ ብኣዕሊ ንዝመጸት ኩዕሶ ክቖልባ ኣብ ዝፈተነሉ ምስ ወዲ ጋንታኡ ማርቲንዝ ብምጕጫው፡ ኩዕሶ ካብ ኢዱ መሊቓ ተመዝጊባ፣ ጸወታ ብማዕረ ተዛዚሙ። በዚ ድማ፡ ሓንቲ ጸወታ ተሪፉታ እንከላ ሻምፕዮን ካብ ምኳን ተዓጊታ - ኣል ነስር።

ብክርስቲያኖ ሮናልዶ እትቕለስ እዛ ጋንታ፡ ካብ 33 ግጥማት 83 ነጥቢ ኣኪባ፡ ኹ መራሒት ኣላ። ኣል ሂላል ከኣ፡ ካብ 32 ጸወታ 78 ነጥቢ ኣዋህሊላ ትስዕብ። ኣል ሂላል፡ ነታ ጎደሎ ጸወታ ምስ እትዕወታ፡ ፍልልይ ናብ ክልተ ነጥቢ ክንድል እዩ። በዚ ድማ ኣል ነስር፡ ሻምፕዮን ንምኳኑ ንመዛዘሚት ጸወታ ክትዕወተላ ኣለዋ። ምናልባት ኣል ሂላል ማዕረ ወይ እንተተሳዒራ ግን፡ ኣል ነስር ቅድሚ መዛዘሚ ጸወታኣ ሻምፕዮን ክትከውን እያ።

## ዜና ብሓጺሩ

- **ራሞስ፡ ንሰቪያ ዓዲገዋ**

ኣብ ታሪኽ ኩዕሶ እግሪ ሓደ ካብ ናይ ኩሉ ግዜ ዝበለጹ ተኸላኸልቲ ምኳኑ ዝእመነሉ - ሰርጆ ራሞስ፡ ንዕብይቲ ክለብ ሰቪያ ንምዕዳግ ተሰማሚዑ።

ኣብ 2004-05 ከምኡ'ውን ኣብ 2023-24 ንዛ ክለብ ዝተሰለፈላ ራሞስ፡ ኣሲታት 400 ሚልዮን ዩሮ ብምኽፋል፡ 80 ሚእታዊት ብርኪ ናይዛ ክለብ ምግዛኡ እዩ ዝገለጸ።

- **ማሱ፡ ዝለዓለ ደሞዝተኛ ሊግ ኣመሪካ**

ድንቂ ተጻዋታይ - ሊዮኔል ሜሲ፡ ኣብ ሜጀር ሊግ ሶከር (ሊግ ኣመሪካ) ዓመታዊ ብዘወስዶ 25 ሚልዮን ዶላር (18.5 ሚልዮን ፓውንድ) መሃያ፡ ዝለዓለ ተኸፋሊ ናይቲ ሊግ ምኳኑ ተሓቢሩ።

ናይ ቅድም ኣጥቃዓይ ቶተንሃም ኣብዚ እዋን ምስ ክለብ ሎስ ኣንጀለስ ዘሎ - ሶን ሂን ሚን፡ ብ10.4 ሚልዮን ዶላር (7.7 ሚልዮን ፓውንድ) ካልኣይ ዝለዓለ እዩ።

- **ደምበለ፡ ዝበለጸ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ተባሂሉ፣ ኦሊሰ፡ ዝበለጸ ኣብ ካልእ ሊግ ዝጻወት . . .**

ኣጥቃዓይ ፒኤስጂ - ኡስማን ደምበለ፡ ናይ 2025-26 ዝበለጸ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

እዚ ፈጣራዊ ክእለት እተዓደለ ተጻዋታይ፡ ጋንታኡ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትበጽሕ ክመርሓ እንከሎ፡ ንሊግ 1 ፈረንሳ ክትመርሖ'ውን ኣኽኢሉዋ ኣሎ። ኣብ ልዕሊ ሰል ዘመዝገቦ ሸቶ ከኣ፡ ዝበለጸት ሸቶ ተባሂሉ።

ብዘይካ'ዚ፡ ወዲ ጋንታኡ - ደዚረ ዱው፡ ዝበለጸ መንእሰይ ተጻዋታይ ተሰምዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተጻዋታይ ባየር ሙኒክ - ሚካኤል ኦሊሰ፡ ዝበለጸ ፈረንሳዊ ተጻዋታይ 2025-26 ካብ ፈረንሳ ወጻኢ ዝጻወት ተባሂሉ።

እዚ ወዲ 24 ዓመት ናይ ክንፊ ኣጥቃዓይ፡ ኣብዚ ወቕቲ ክለቡ ባየር ሙኒክ ንቡንደስሊጋ ክትዕወተሉ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ። ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ሻምፕዮንስ ሊግ ክትበጽሕ'ውን ዝበርቦ ኣበርክቶ ሰማይ ጠቀስ እዩ።

ኦሊሰ፡ ንተጻዋታይ ሪያል ማድሪድ - ኪሊያን ምባፔ፡ ዊልያም ሳሊባ - ኣርሰናል፡ ራያን ቸርኪ - ማን ሲቲ፡ ከምኡ'ውን ሁጎ ኢኪቲከ - ሊቨርፑል ረቲዑ እዩ ተዓዊቱሉ።

እዛ ሽልማት፡ ኣብ 2017 ካብ እትጀመር፡ ንጎሎ ካንተ፡ ካሪም በንዘማ፡ ኣንትዋን ግሪዝማን ምባፔን ኢዶም ኣንበርክመላ ዝረኸቡ እዮም።

# ዜና ዓለም

ሸዊት ተኽለ

## ሊባኖስ - ብመጥቃዕቲ እስራኤል ብውሑዱ 8 ሰባት ተቐቲሎም

ኣብ ከባቢ ከተማ ቤሩት፡ ማለት ኑታ ከተማ ምስ ደቡባዊ ክፋል ሊባኖስ ኣብ ዘራኽብ ዓቢ ጽርግያ፡ ትማሊ ረቡዕ ሰለስተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ እስራኤል ብዘፈጸምኦ መጥቃዕቲ፡ ክልተ ህጻናት ዝርከብዎም ብውሑዱ ሸሞንተ ሰባት ከም ዝተቐትሉ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ ሓቢሩ።

ድሕሪቲ ካብ ቤሩት ንደቡብ ኣስታት 20 ኪሎ ሜተር ርሒቑ ኣብ ዝርከብ ከባቢ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ሰዒቡ፡ ኣገልግሎት ዜና ሊባኖስ ዝዘርገሖ ስእሊ፡ ዝተቓጸላ መካይንን ጉድኣት ዝወረዶም ሰላማውያን ሰባትን የርኢ።

ወኪል ቴለቪዥን ኣልጀዚራ ኣብቲ ዞባ ብወገኑ፡ እቲ ጥቕዒት እናገደደ ይኸይድ ከም ዘሎን፡ ኣብቲ ከባቢታት ዝነብሩ ሰላማውያን ሰባት ድማ ብኸቢድ ይጸለዉ ምህላዎምን ኣመልኪቱ።

ሊባኖስን እስራኤልን፡ ለሚ ሓሙስ ኣብ ዋሽንግተን ብመንገኛነት ኣመሪካ ቀጥታዊ ዝርርብ ሰላም ክካየዱ ትጸበ ይግበር።

ኣብ ሰሜናዊ እስራኤልን ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ኣብ ልዕሊ ዝርከቡ ሓይልታት እስራኤልን መጥቃዕቲ ክካይድ ዝጸንሐ ሕዝቦላ፡ ነቲ ኣብ ኣመሪካ ዝካየድ ዝርርባት ከም ዝቃወሞ እዩ ዝገልጽ ዘሎ።



ትማሊ ረቡዕ ሰራዊት እስራኤል ንዝበርቲ ዓድታት መደስ ኤል-ጀባል፡ ያኑሕ፡ በርጅ ሸማሊ፡ ሐሉ፡ ደብልን ዓባየን ብጉዴታ ኣብይቶም ሓዲጎም ክለቁ ዝገድድ ትእዛዝ ብምሃብ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ ልዕሊ'ዘን ሸዱሽተ ዓድታት ደቡባዊ ሊባኖስ ወተሃደራዊ ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ ኣጠንቂቑ ኣሎ።

ኑቲ ትእዛዝ ሂጊጉ ኣብ'ዘን ተጠቒሰን ዘለዋ ዓድታት ዝተረፈ ዝኾነ ሰብ ህይወቱ ኣብ ሓደጋ ክኣቱ ምዃኑ ዝገለጸት እስራኤል፡ እቶም ነበርቲ ብውሑዱ ሓደ ሽሕ ሜትሮ ርሒቖም ናብ ክፉት ቦታታት ክየዕዙ ኣተሓሳሲባ ኣላ።

ድሕሪ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ጥራይ ብውሑዱ 380 ሰባት ብመጥቃዕቲ እስራኤል ከም ዝተቐትሉ ዝሓበረ ሚኒስትሪ ጥዕና ሊባኖስ፡ ወራርን ደብዳብን እስራኤል ብ2 መጋቢት ካብ ዝጀምር ንደሓር ጠቕላላ ቁጽሪ ናይ ዝሞቱ ሊባኖሳውያን ዛጊት ልዕሊ 2,800 በጺሑ ከም ዘሎ ኣመልኪቱ።

## ኣብ ገማግም ባሕሪ የማን ላሕኩ ነዳዲ ኣጋጢሙ

ሓንቲ ካብ'ተን ዝሓለፈ ሰሙን ብሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኢራን ዝተሃርማ ነዳዲ ዝጸዓና መራኽብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ የማን ውሑድ መጠን ነዳዲ ከም ዘፍሰሰት፡ ብመንግስቲ ናይ'ታ ሃገር ዝውሃን ሃገራዊ ኩባንያ ነዳዲ ኣቡዳቢ ትማሊ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ ሓቢሩ።

እዚ ድማ፡ ነቲ ካብ ኩናት ኢራን ዝምንጩ ዘሎ ስነ ህይወታዊ ሓደጋታት ዘጉልሕ ምዃኑ፡ እቲ ኩባንያ ኣረዲኡ።

ጣህራን ንመጻጦ ሆርሙዝ ብኢድማዒ መንገዲ ምዕጻዋ፡ ንጉዕዞ መራኽብ ቡቲ ኣጉዳሲ መስመር መራኽብ ዘይውሑስ ገይሩዎ ከም ዘሎን፡ በዚ ድማ ኣማኢት መራኽብ ኣብ ወሽመጥ ዓረብ ተዓጽየን ከም ዝርከባ ይፍለጥ።

የማን መልሕቓ ዘርገሓ ከም ዘላ፡ ውሑድ መጠን ናይ'ቲ ዝጸዓነቶ ነዳዲ ድማ ከም ዝለሓኾን ኣረዲኡ።

ይኹን'ምበር፡ እቲ ኣፈኛ፡ ብልክዕ ክንደይ ዝኣክል መጠን ነዳዲ ከም ዝፈሰሰ ኣይገለጸን።

ሓለዋ ገምገም ባሕሪ የማን ግን፡ ርእዮቶ ክህብ ንዘቐረበሉ ሕቶ መልሲ ኣይሃበሉን ዘሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን፡ ኣብ ጥቓ ቀንዲ ማእከል ነዳዲ ኢራን ዝኾነት ደሴት ካርግ፡ ንዓሰርተታት ትርብዒት ኪሎሜተር ባሕሪ ዝሸፈነ ላሕኩ ነዳዲ ከም ዘጋጠመ፡ ብሳተላይት ዝተሳእሉ ምስልታት ኣመልኪቶም ነይሮም።

ይኹን'ምበር፡ ላዕለዋይ ብዓል ስልጣን ኣከባቢ ኢራን ብሰሉስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡



ኣፈኛ ናይቲ ኩባንያ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ዝሓለፈ 4 ግንቦት ብኽልተ ሰብ ኣልቦ ነፈርቲ ኢራን ዝተሃርመት ባራካህ እትብሃል መርከብ፡ ኣብ ገማግም ባሕሪ እቲ ካብ ሳተላይት ዝተረኽበ ምስልታት፡ ብሰንኪ ናይ ጽዕነት መራኽብ ናብ ባሕሪ ዝደፍኦኦ ረሳሕ ማይ ዝሰዓበ ደኣ'ምበር፡ ካብ ትካላት ዝፈሰሰ ነዳዲ ከም ዘይኮነ ኣመልኪቱ።

## መንግስቲ ጋና፡ ዜጋታቱ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ የውጽእ

ጋና፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርአ ዘሎ ካብ ካልኦት ሃገራት ትሕተ ሰሃራ ንዝመጽኡ ስደተኛታት ዒላማ ዝገበረ ማሕበራዊ መጥቃዕቲታት ሰዒቡ፡ 300 ዜጋታታ ካብ'ታ ሃገር ከተውጽእ ምዃና፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ጋና ሓቢሩ።




እቲ ሳሙኤል ኦኩደዝቶ ኣብላክዋ ዝተባህለ ብዓል ስልጣን ኣብ ሓበሬታኡ፡ እቶም ዜጋታት፡ ኣብ ላዕለዋይ ኮሚሽን ጋና ንሓገዝ ከም ዝተመዝገቡ ገሊጹ።

ገለ ደቡብ ኣፍሪቃውያን፡ ካብ ካልኦት ሃገራት ትሕተ ሰሃራ ንዝመጽኡ ዘይሕጋውያን ስደተኛታት ዘለዎም ዘይተቐባልነት ንምግላጽ ተቓውሞኦም የስምዑ ከም ዘለዉ እዩ ዝሕበር።

ሰበ ስልጣን ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ዘይሕጋዊ ስደት ኣብታ ሃገር ጸገማት የኸትል ከም ዘሎ እኳ እንተ ገለጹ፡ ኣብ ዝሓለፈ ሚያዝያ ግን ነቲ ኣብ ልዕሊ ወጻእተኛታት ዝፍጸም ዘሎ መጥቃዕትታት ደው ክብሉ ምዃኖም ቃል ኣትዮም ነይሮም።

ጋና፡ ነቲ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ክዘዋወር ዝቐጸለ ናይ መጥቃዕቲ ቪድዮታት ተቓውሞኣ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን ንዝርከቡ ዜጋታታ ድሕንነቶም ክትሕሉ ቃል ኣትያ ኣላ።

ኬንያ፡ ማላዊ፡ ሌሶቶን ዘምባብዌን ዝርከብኦን ካልኦት ኣፍሪቃውያን ሃገራት እውን፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ንዝርከቡ ዜጋታተን፡ ንወጻእተኛታት ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ኣብ ዝፍጸመሉ ዘሎ እዋን ጥንቃቐ ክገብሩን ኣብ ውሽጢ ገዛ ክጸንሑን ኣተሓሳሲበን ኣለዋ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ መንግስቲ ናይጀርያ፡ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ብውሑዱ 130 ዜጋታቱ ብፋራት ናብ ሃገሮም ክምለሱ ሓቲቶም ከም ዘለዉ ሓቢሩ።

## ሩስያ፡ ሓድሽ ስግረ ኣህጉራዊ ሚሳይል ንፈተነ ወንጪፋ

ሩስያ፡ ሓድሽ ስግረ ኣህጉራዊ ባለስቲካዊ ሚሳይል ንፈተነ ከም ዝወንጨፈት ተሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ቭላድሚር ፑቲን፡ "ኑክለሳዊ ዓቕሚ ዘለዎ ዝሓየለ ሚሳይል ዓለም" ክብል ዝገለጾ ሚሳይል፡ ትማሊ

ብምዕራባውያን ሃገራት "ዳግማዊ ሰይጣን" ተባሂሉ ዝተሰየመ ሚሳይል ሳርማት፡ ብሶቭየት ንዝተሰርሐ 'ቮየቮዳ' ዝዓይነቶም ኣስታት 40 ሚሳይላት ንምትካእ ዝዓለመ እዩ።

ኣብ መንጎ ሩስያን ኣመሪካን ዝነበረ ናይ



ሰሉስ እዩ ንፈተነ ተተኩሱ።

እቲ ፈተነ ድሕሪ ናይ ዓመታት ምትዕንቓፍ ከም እተኻየደ'ውን ንምፍላጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

ምምዕባል ሳርማት (ሚሳይል ሩስያ) ኣብ 2011 ዝጀመረ ኮይኑ፡ ቅድሚ'ቲ ትማሊ ሰሉስ ዝተኻየደ ፈተነ እቲ ሚሳይል ሓደ ግዜ ጥራሕ ዕዉት ፈተነ ኣካይዱ ከም ዝፈልጥ እዩ ዝሕበር።

መውዳእታ ውዕል 'ኒው ስታርት'፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ለካቲት ብምብቓዑ፡ ድሕሪ ናይ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን እዋን ንፈለማ ግዜ ክልተአን ዓበይቲ ሓይልታት ዓለምና ብዛዕባ ዝኾነ ንኑክለሳዊ ዓቕመን ዝድርት ወግዓዊ ውዕል ከም ዘይትረፋ ይሕበር።

ክልቲኤን ወገናት፡ ንውዕል 'ኒው ስታርት' ከም ዘይተኸተላ ብተደጋጋሚ ንሓድሕደን ክኻሰሳ ምጽንሐን ይፍለጥ።






| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣስመራ | 14/5/2026 | ጎደና ሓርነት ቁ.93-95;ጥቓ መገዲ ኣየር ኤርትራ | 120491 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565



Sabur Printing Services